# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

ዕላዊ ልሳን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.F.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ክልተ ወርሓዊ መጽሔት
ኣኣኣ

ዲሞክራስያዊት ኤርትራ | ሕታም ቁ.80 | መስከረም-ጥቅምቲ 2007




ኣኼባ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሺመልባ 14.10.2007

## ትሕዝቶ                                                    ገጽ

ርእሰ-ዓንቀጽ
1. ኣብ ጽኑዕ ዓንድታት ዝተሰረተ ሰልፊ ክቐውም ኢዩ ................1-2

2. ተጽግበኒ ቅጫስ ኣብ መችሎኣ ከላ እፈልጣ ..............................3-4

3. ጠለብ ህዝብና ዘድምዕ ምሕዝነታትን ዘሳርሕ ውደባን ምፍጣር'ዩ .............5-6

4. ቃለ መሓትት ምስ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ...........7-12

5. ምቛም እስላማዊ ምሕዝነት (ልፍንቲ) ኤርትራ ............................12

6. ዜናዊ ጸብጻብ ..........................................................14-28

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ኣብ ጽኑዕ ዓንድታት ዝተሰረተ ሰልፊ ክምስረት'ዩ

ኣነ'የ ኵሉ ዝፈልጥ፡ ኣነ ዝበልክኹም ግበሩ፡ ኣነ ዝሓስቦ ሕሰቡ፡ ብዘይካይ ካልእ ምርጫ የብልኩምን ዝብል ናይ ዲክታቶርያውያን ዕርድታት ዝፈራርሰሉ፤ ንርእይቶ ናይ ካልኦት ዘኽብር፤ ንሰብኣዊ መሰላት ዝሕሉ፡ ውድድርን ብዙሕነት ናይ ሰልፍታትን ዘፍቅድ፤ ናይ ርእይቶ፡ ናይ እምነት፡ ናይ ምውዳብ፡ ናይ ምቅዋም ናጽነታት ዘኽብር፡ ዲሞክራስያውን ቅዋማውን ስርዓታት ዝዕምብብሉ መዋእል ኢና ንርከብ ዘሎና። ኤርትራ ሃገርና ውን፡ ውዒላ ሓዲራ፡ ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ክትኣቱ ታሪኻዊ ግድነት ምዃኑ ንሓንቲ ህሞት ውን ትኹን ተጠራጢርና ኣይንፈልጥን ኢና። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ከም ዕቡድ ከልቢ ሓሓሊፉ ዝገብሮ ዘሎ ምንኻሳትን ምጉንፋጥን ድማ፡ ካብ ናይ ሓያልነት ቦታን ካብ ዝተረጋግአ መንፈስን ዘይኰነስ፡ ካብ ዓቕሊ ጽበትን ተነጽሎን ዝብገስ፡ ንዕምሪ ናይ ስልጣኑ ድማ ባዕሉ ዘሕጽር ስጕምቲ ምዃኑ ኣዕሪና ንርዳእ ኢና።

ብዙሓት ሰልፍታት ዝዋስእሉ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምንጋስ፡ ናይ መዋእልና ቀንድን እዋናውን ጠለብ ምዃኑ ብምግንዛብ ድማ'ዩ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤኡ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ክምስረት ዝወሰነ። በዚ ውሳኔ'ዚ መሰረት፡ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ናይ ዘተን ናይ ድህሰሳን ሓበሬታን ሽማግለታትን ኣቝሙ ናይ ድህሰሳን ናይ ምልዕዓልን ስርሓት ከካይድ ምጽናሑ ውን ዝፍለጥ ኢዩ። ኣብ'ዚ ንሓደ ዓመት ኣቢሉ ዝቐጸለ ናይ ድህሰሳ ምንቅስቓስ፡ ንኣድላዪነት ምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ዝምልከቱ ሰሚናራትን ኮንፈረንሳትን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናይ ዓለም ተኻይዶም፤ ብጽሑፍን ብረድዮን ብዙሓት ሓተታት ቀሪቦም፤ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ከበርክቱ ይኽእሉ ኢዮም ምስ ዝብሃሉ ውልቀ ኤርትራውያን ዜጋታት ውን ርኽክባት ተገይሮም። ከምኡ ውን፡ ዋላ'ኳ ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ መልሲ እንተዘይተረኽበ፡ ምስ ገለገለ ብደረጃ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ዝቀራረቡና ውድባት ኣፈናዊ ልዝባት ምክያድ ተፈቲኖም ኢዮም።

ድሕሪ ሓደ ዓመት፡ ኣብ ነሓሰ 2007 እተኻየደ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ መዳይ ምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዝተገብሩ ምንቅስቓሳትን ዝተረኽበ ውጽኢትን ምሉእ ጸብጻብ ድሕሪ ምርካብ፡ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ምንቅስቓሳት ገምጋሙ ኣስፈሩ። ሰውራዊ ባይቶ፡ እቲ ናይ ድህሰሳ ምንቅስቓስ ብደረጃ ውልቀ-ሰባት ዘተባብዕ ውጽኢት ከምዝተረኽቦ ኣረጋጊጹ። ምስ ውድባት እተገብረ ልዝባት ግን፡ ዋላ ውን ኣብ መጻኢ ክቕጽል ዘለዎ ስራሕ እንተኾነ፡ ከም'ቲ ዝተገብረሉ ትጽቢት ከምዘይኰነ መዚኑ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ እቲ ምንቅስቓስ፡ ካብ መድረኽ ናይ ድህሰሳ፡ ናብ መድረኽ ናይ ምቛም ናጻ ዝኾነ ሓባራዊ ኮሚሽን ክሰጋገር ግድነታዊ ከምዝኾነ ርእዩ። ነዚ ዕማም'ዚ ብግቡእ ንምስልሳል ድማ ንፈጻሚ ሽማግለ ሓላፍነት ኣሰኪምዎ።

ሓባራዊ ኮሚሽን ምምስራት ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ፡ ብኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን፥ በቶም ኣብ ምምስራት ከም'ዚ ዝዓይነቱ ሰልፊ ክሳተፉ ቅሩብነቶም ዝገለጹ ውልቀ ኤርትራውያን ዜጋታት ዝቐውም ናጻ ትካል ኢዩ። ዕማም እዚ ሓባራዊ ኮሚሽን'ዚ፡ ኣብ ጉባኤ ናይ'ቲ ዝምስረት ሓድሽ ሰልፊ ዝቐርቡ ሰነዳት (መደብ ዕዮ፡ ቅዋም፡ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ናይ ክትዕ መድረኻት ...ወዘተ) ምድላዉ፥ ንጉባኤ እተሰናድእ ሽማግለ ምምዛዝ፥ ሰሚናራትን ኮንፈረንሳትን ምድላዉ፥ ንምስረታ ሰልፊ ዝምልከት ሓበሬታታት ምዝርጋሕን ንምንቅስቓሳታን ንጉባኤን ምክያድን ዝኸውን ገንዘባዊ ምንጪታት ምፍታሽን...ወዘተ ክኸውን ኢዩ።

ሓባራዊ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ኣርባዕተ ክፍልታት ማለት ክፍሊ ስርርዕ፡ ክፍሊ ዜና፡ ክፍሊ ሰነዳትን ክፍሊ ገንዘብን ክህልዉዎ ኢዮም። ንስርሓት ሓባራዊ ኮሚሽን ምስራታ ሰልፊ እተማእክል ሰክረታርያ ድማ፡ ብኣቦ መንበርን ምኽትሉን፡ ከምኡ ውን፡ ብኣቦ መንበራት ናይ'ተን ኣርባዕተ ልዕል ኢለን ተጠቒሰን ዘለዋ ክፍልታት ክትቐውም ኢያ። ካብ'ዚ ንላዕሊ ምውሳኽ ዘድሊ እንተኾይኑ ውን፡ ኣብ መጻኢ እናተራእየ ከም ኣድላዪነቱ ምምሕያሻት ክግበረሉ ይከኣል ኢዩ። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ሓባራዊ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ፡ ስርሓቱ ንምስላጥ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንኡሳን ሽማግለታት ናይ ምምዛዝ ስልጣን ኣለዎ።

ሽሕ'ኳ፡ እቲ ስራሕ ካብ መድረኽ ናይ ድህሰሳን ሓበሬታን ናብ መድረኽ ምቛም ኮሚሽን ሰልፊ ተሰጋጊሩ'ዩ እንተተባህለ፤ ናይ ድህሰሳን ሓበሬታን ስርሓት ጠሪሱ ደው ክብል'ዩ ማለት ኣይኮነን። ነፍስወከፍ ኣባል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን፡ እቶም ኣብ'ቲ ብሕጂ ዝምስረት ሰልፊ ክንጽበሩ ወሲኖም ዘለዉ ኣባላትን፡ ካልኦት ሓደስቲ ኣባላት ንምርካብ ቀጻሊ ጻዕርታት ከካይዱ ግቡኦም ምዃኑ ክፈልጡ ይግባእ። ነፍስወከፍ ኣባል እንተውሓደ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ርእሱ ኰይኑ ናብ'ቲ ሰልፊ ክኣቱ ክሓስብን ክእምምን ኣለዎ።

እዚ ኵሉ ኣብ ተግባራዊ መዳይ ኰይኑ፡ ኣብ'ቲ ክለሳ-ሓሳባዊ መዳይ ውን ብዛዕባ'ቲ ክንምስርቶ እንደሊ ዘሎና ሰልፊ ዝህልወና ተረድኦ ሓደ ወይ ድማ ዝተቐራረበ ክኸውን ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ እንምስርቶ ሰልፊ ከመይ ክመስል ኣለዎ ዝብል ሕቶ ምልዓል ኣገዳሲ ኢዩ።

1. ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ፡ ጾታኡ፡ ብሄሩ፡ ሃይማኖቱ፡ ብዘየገድስ ኣባል'ዚ ሓድሽ ሰልፊ'ዚ ክኸውን ወይ ክትከውን ይኽእል፤
2. ኣባል ናይ'ዚ ሰልፊ'ዚ ዝኸውን ዜጋ፡ ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና፡ ይኹን ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 16 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣበናይ ውድብ ተሰሊፉ ወይ ተሰሊፋ ነይራ ብዘየገድስ፤ ኣብ መጻኢት ኤርትራ፡ ዲሞክራስን ፍትሕን ሰላምን ልምዓትን ኵሉ ዓይነት ሰብኣዊ ናጽነታትን ክሰፍን ዝኣምንን ዝቃለስን ክኸውን ወይ ክትከውን ኣለዋ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ እቲ እንምስርቶ ሰልፊ ንመጻኢ ዝጥምት ደኣ'ምበር፡ እሱር ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ ክኸውን የብሉን፤
3. ኣባል ናይ'ዚ ሰልፊ'ዚ ዝኸውን ኣባል፡ ምስ ህዝቢ ጥዑይ ዝምድና ዝፈጥርን፥ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝነብርን፤ ናይ ህዝብና ስቅያትን ሃምን ድሌታትን ዝርዳእን ንህዝቡ ከገልግል ድልዊ ዝኾነን፤ ብቛንቋ ናይ ህዝቢ ዝዛረብን ክኸውንን ይግባእ፤
4. መንእሰያት፡ ናይ ዝሓለፈን ዘሎን ወለዶ ሕጋውያን ወረስቲ ምዃኖም ኣሚኑ፡ ብግቡእ ተመልሚሎምን ተማሂሮምን ክዓብዩ ዘተባብዕን ዝቃለስን ዝምዕድን ክኸውን ኣለዎ፤
5. ብሓድነት ህዝብን ሃገርን ዝኣምን፥ ንልዑላውነት ህዝብን ሕግን ዝምእዝዝ፥ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቕን ንባህልን ክብርታት ህዝብናን ዝርዳእን ኣባል ክኸውን ኣለዎ፤
6. ንረብሓ ናይ ህዝብን ናይ ሰልፍን ዘገልግል ሕድገታት ክገብር ድልዊ ዝኾነ ኣባል ክኸውን ደኣ'ምበር፥ ብህልኸን ብኣነ ካብ መን ንኢሰ ወይ ካብ መን ሓሚቐ ዝብል መንፈስ፡ ንዝዓበየ ናይ ህዝብን ሃገርን ረብሓ ንሓደጋ ዘቃልዕ ኣባል ክኸውን የብሉን፤
7. ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ይኹን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይ ስኒትን ፍቕርን መንፈስ ከስርጽ ከይሰልከየ ዝቃለስ፤
ትምህርትን ስራሕን ናይ ስልጣኔ ቀንዲ ረቛሕቲ ምዃኖም ዝኣምን ….ወዘተ ክኸውን ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ፡ ደረጃ ዕብየትን ኣድማዕነትን ናይ ሓደ ሰልፊ፡ ብደረጃ ብስለትን ንቕሓትን ናይ ኣባላቱ ስለዝውሰን፡ ነፍስወከፍ ኣባል ናይ'ዚ ሰልፊ'ዚ ክኸውን ዝመርጽ ዜጋ፡ ብቐጻልነት ነብሱ ከማዕብልን ክምልምልን ክጽዕር ይግባእ። በዚ ኣገባብ'ዚ ጥራሕ ከኣ'ዩ እቲ ሰልፊ መሪሕ ግዲኡ ክጻወት ዝኽእል። "ዘይተወቕረ መጥሓን ነየጥሕን፡ ዘይተማህረ ሰብ ነየድሕን" ዝብል ምስላ ኣበው ድማ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ።

# ተጽግበኒ ቅጫስ፡ ኣብ መቕሎኣ ከላ እፈልጣ

ኤርትራ ናይ ሎሚ፥

ኤርትራ ናይ ሎሚ፥ ቅዋም ይኹን ግዝኣተ-ሕጊ ዘይብላ፤ ቅሉዕ ዝኾነ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝፍጸመላ፤ ብዘይካ ናይ'ቲ ብኢደ ወነኑ ስልጣን ዝጨበጠ ስርዓት ኢሳያስን መጋበርያታቱን፥ ናይ ካልእ ርእይቶ ዘይስምዓላ፤ መንእሰያት፥ ወይ ኣብ ግንባራት ውግእ ወይ ድማ ኣብ መደበር ታዕሊም ተደፊኦም ዝውዕሉላ፤ ብሰንኪ ባያታ ዝዘበጠ ቍጠባኣ፥ ህዝባ ንኣሰቃቒ ናይ መነባብሮ ሃለዋት እተቓልዓላ፤ ስኒት፥ ፍቕሪ፥ ምትሕግጋዝን ምትእምማንን ዘይብሉ እተበጣጠሰ ማሕበራዊ ዝምድናታት ዝነገሰላ፤ ማእለያ ዘይብሉ ህዝቢ ዝምቍሓላን ዝስደደላን፤ ምስ ጐረባብታን ምስ ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን ኣብ ቀጻሊ ወጥርን ምስሕሓብን እትነብር ሃገር ኰይና ኣላ።

እዚ ውጽኢት ናይ'ቲ ዲክታቶርያውን ትምክሕታውን ስርዓትን ኢሳያስ ክኽተሎ ዝጸንሐ ግጉይ ፖሊሲታት ምኳኑ ድማ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል፥ ብሩህ ከም ጽሓይ ቀትሪ ዝኾነ ሓቂ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፥ በዚ ግጉይ ፖሊሲታቱ ክቕጽል እንተዘይኰይኑ፤ ካብ ጌጋታቱ ተማሂሩ ንህዝብን መሬትን ኤርትራ ንምድሓን ኰነ፥ ራህዋን ፍሕን ሰላምን ንምስፋን ክሰርሕ'ዩ ዘብል ምልክታት ድማ ክሳዕ ሕጂ ኣይተራእየን፤ ብድሕሪ ሕጂ ውን ክርአ ፈጺሙ ዘይሕሰብ ኢዩ። ብኣንጻሩ፥ እቲ ስርዓት ንዝኾነ ይኹን ውዱብ ኣካል ወይ ትካል ከም ጸጥታዊ ስግኣት ቈጺሩ፥ ብዓመጽን ብራዕድን ብሸበራን ክድህሎ ክፍትንን፥ ኣብ ዘየዋጽኦን ዘይዓቕሙን ዝኾነ ጐንጽታት ንምእታው እጅግኡ ክስብስብን'ዩ ዝርአ ዘሎ። ጐረባብቲ ሃገራት፥ ናይ ሃይማኖት ትካላት፥ ናይ ረዲኤት ማሕበራት፥ ናይ ወጻኢ ኤምባሲታት፥ ኣብያተ-ትምህርቲ፥ ሰብ ርእሰ-ማል፥ ካብኡ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎም ውልቀ-ሰባት ውን ከይተረፉ፥ በቲ ስርዓት ከም ጸጥታዊ ስግኣት ኢዮም ዝቍጸሩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፥ እቲ ስርዓት ብዘይካ ዕድመ ስልጣኑ ምንዋሕ ካልእ ዝኾነ ይኹን ሃሚ ይኹን ሓልዮት ወይ ሻቕሎት የብሉን። ስለ'ዚ ውን ኢዩ፥ ሃብትን ጸጋን ኤርትራ፥ ንወተሃደራውን ጸጥታውን ፕሮፓጋንዳውን ትካላቱ ኣብ ምሕያልን ኣብ ምውፋርን ከፍስሶ ዝርከብ ዘሎ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፥ ኤርትራ ናይ ሎሚ፥ ብኣዝየን ድኹማትን መሪሕ ግዲኣን ክጻወታ ጌና ዘይበቕዓን እተጨራረማ ፖለቲካዊ ውድባትን ልሕሉሕ ምሕዝነታትን፥ ብተዋሃሂዱ ዘይሰርሕ ሲቪላዊ ማሕበራትን፥ ብናይ ተዓዛብነት ቦታ ዝሓዘ ሰፊሕ ክፋል ህዝብን እትልለ ሃገር ኰይና ኣላ ክበሃል ይከኣል።

ኤርትራ ናይ ጽባሕ፥-

ናይ ጽባሕ ኤርትራ፥ ካብ'ዛ ናይ ሎሚ ኤርትራ እተፈልየት ክትከውን ከምዘለዎ ድሌትን ትጽቢትን ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዓለምን ኢዩ። ፍትሒ፥ ሰላም፥ ብልጽግና ዝሰፈና፤ ሰብኣዊ መሰላት፥ ናይ እምነትን ኣምልኾን ካልእ ኵሉ ዓይነት ናጽነታትን ዝኽበረላ፤ ግዝኣተ-ሕግን ልዑላውነት ህዝብን ዝነግሰላ፤ ምስ ነብሳን ምስ ጐረባብታን ተሳንያ እትነብር ቅዋማዊት ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ዲሞክራስያዊት ሃገር ክትከውን'ዩ ትምኒት ህዝብና።

ከምኡ ውን፥ መለለዪ ናይ ጽባሕ ኤርትራ፥ ናይ ህዝቢ ሓያል ደገፍ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝወዳደሩላ፤ ሰበ-ስልጣን ካብ ቅዋም ዘፍቀደሎም ደረት ከይሰግሩ፥ ቀጻሊ ቍጽጽር ዝገብሩን፥ ንረብሓ ናይ ህዝብን ዘቕድሙን ሓያላት ሲቪላዊ ማሕበራት ናጻ ጋዜጣታትን ዝዕንብቡላን፤ ህዝቢ ንመራሕቱ ባዕሉ ዝመርጸላን ዘውርደላን ሃገር ክትከውን ኢዩ ባህግናን ትጽቢትናን።

እዚ ቅዱስ ዕላማታት'ዚ ግን፥ ብቐሊሉ ዝርከብ

ወይ ከም ማና ካብ ሰማይ ባዕሉ ዝወርድ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ንቕሑን ውዱብን ህዝባዊ ቃልሲ ብሓደ ሸነኽ፤ ናይ ኣህዛብን መንግስታት ዓለምን ንዋታውን ሞራላውን ደገፋት ድማ ብኻልእ ሸነኽ ዝሓትት ከቢድ ዕማም ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ።

ተቓወምቲ ናይ'ቲ ስርዓት ዝኾኑ ውድባት፡ ማዕረ'ዚ ጠለብ'ዚ ኰይኖም ንህዝቢ ኣብ ጐድኖም ከዕስሉን ከመርሑን ዘይምኽኣሎም፤ መንግስታትን ኣህዛብን ዓለምን ውን፡ ንናይ ህዝብና ጸገማት ንምቅላል ዘድሊ ቆላሕታ ክገብሩ ዘይምርኣዮምን ድማ፡ ንዕድመ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ዘናውሑ ዘለዉ ረቛሕተ ኢዮም። እዚ ክንብል እንከሎና ግን፡ እቲ ቀንድን መሰረታዊ ሽግር፡ ናትና ናይ'ቶም ሰብ ጕዳይ ድኽመት ምዃኑ ዘንጊዕና ከምዘይኰና ብሩህ ክኸውን ንደሊ።

ነዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ ድማ ኢና፡ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ወይ ስነ-ሓሳብ ዘለዎም ውድባት ኣብ ሓደ ቀጽሪ ወይ ኣብ ሓደ ሰልፊ ብምምጻእ፡ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጕጅለ ዝብድህ ሓያል ውድባትን ሰልፍታትን ክፈጥሩ፤ ዝተፈላለየ መደብ ዕዮ ዘለዎም፡ ግን ከኣ፡ ኣብ ምውዳቕ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ኣብ ምህናጽ ዲሞክራስያዊት ኤርትራን ረብሓ ዘለዎም ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ድማ ኣብ ሓደ ጽላል ክጥርነፉ ክንጽውዕን ክንቃለስን ዝጸናሕናን ዘሎናን። ስለ'ዚ ኢና ውን፡ ንውድብና ኣፍሪስና፡ ሓደ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ንምምስራት ቅሩብነትና ብወግዒ ብኣዋጃትን ብኣኼባታትን ብናይ ዜና መሳርሒታትናን ክንገልጽ ዝጸናሕና።

እዚ፡ እቲ ቅኑዕ መእተዊ ንህንጻ ናይ'ታ ህዝብናን ንሕናን ፈተውትናን እንምነያ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ክነስምረሉ እንደሊ መሰረታዊ ነጥቢ ድማ፡ ህንጸት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብቃልሲ ናይ መላእ ህዝብን ፖለቲካውን ማሕበራውን ውድባቱን ዝረጋገጽ ናይ ወለዶታት ዕማም ደኣ'ምበር፥ ናይ ፖለቲካዊ ውድባት ወይ ናይ ፖለቲካዊ ምሕዝነታት: ወይ ድማ ከም'ቲ ገለገለ ዝሓስብዎ ናይ ሓጺር እዋን ዕማም ጥራሕ ከምዘይኰነ ኢዩ።

ጸማም ሓደ ደርፉ ከም ዝብሃል ኰንካ፡ ዝተፈላለየ ዝመስል ግን ሓደ ዝዕላማኡ ምስምሳት እናምጻእካ ንዝፈሸለ ተመኩሮታት ምድጋምን፤ ኣብ ሓደ ክቢ ዕንክሊል ምባልን ግዜ ካብ ምጥፋእ ሓሊፉ ካልእ ፋይዳ ስለዘይርከቦ፡ ኣብ ኣተሓሳስባናን ኣተሓሕዛ ጕዳይናን መሰረታዊ ዝኾኑ ለውጥታት (paradigm shift) ክነታኣታቱ እዋኑ ኣኺሉ'ዩ። ንጸቢብን ዘላቕነት ዘይብሉን ናይ ውሑዳት ረብሓታት መኽሰባት ንምርግጋጽ፡ ነቲ ንህዝብን ሃገርን ንምድሓን ዘኽእል ስትራተጂ ምቕሳል ቅቡል ኣይኰነን። ካብ ትማሊ ሎሚ፡ ካብ ሎሚ ድማ ጽባሕ ክሓይሽ'ዩ ከብል ዝኽእል ስርሓት ክይሰራሕና፡ ዝድህሰስን ዝጭበጥን ዓወታትን ምዕባለታትን ከየመዝገብና፡ ኣብ ህዝብና ይኹን ኣብ መሰረታትና ተስፋ ክንሰኵዕ ፈጺሙ ዘይሕሰብን ዘይከኣልን ኢዩ። ህዝብና ካብ ስርዓት ኢሳያስ እናርሐቐ ዝመጽኡ ዘሎ መሰረታዊ ምኽንያት፡ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኡ ዝኾነ ይኹን ምምሕያሽ ስለዘይርኣየ፤ ብኣንጻሩ፡ ናይ ሎሚ ስቅያቱ ካብ ናይ ትማሊ፡ ናይ ጽባሕ ድማ ካብ ናይ ሎሚ እናኸፍኣን እናበኣሰን ክኸይድ ስለዘዝተዓዘበ ደኣ'ምበር፡ ካልእ ኣይኮነን።

እተጽግበኒ ቅጫስ፡ ኣብ መቕሎኣ ከላ እፈልጣ፡ እንድዩ ነገሩ፡ ህዝብና ውን ዘድርርኦን ዘየድርርኦን ውድባት ምፍላጥ ስለዘይእግሞ፡ ኣብ ጐድኒ'ቲ ንጽባሕ ካብ ሎሚ ዝሓሸ ክገብር ዝኽእል ናይ ለውጥን ምዕባለን ሓይሊ ደው ክብል ምዃኑ ስለ ዘይንጠራጠር፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ንምምስራት ከይሰልከና ክንቃለስ ይግባእ።

# ጠለብ ህዝብና ዘድምዕ ምሕዝነታትን ዘሳርሕ ውድባን ምፍጣር ኢዩ

ኣብ ኤርትራ ክነጥፉ ዝጸንሑን ዝነጥፉ ዘለዉን ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ብሓፈሻ ኣብ ክልተ ከፈልካ ክርኣዩ ዝኽእሉ ውድባት ኢዮም። ብሓደ ሸነኽ፡ ዝተቖራረበ ኣርኣእያ ወይ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባት፡ ንኣብነት፡ ዓልማናውያን ወይ ሃይማኖታውያን ወይ ብሄራውያን ውድባት ተባሂሎም ክጥቀሱ ይኽኣል፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ መንጎ'ዞም ሰለስተ ግናዓት እዚኣቶም ዘሎ ናይ ኣይዲዮሎጅን ፖለቲካን መደብ ዕዮን ፍልልያት ኢዩ።

ኣብ መንጎ ሓደ ኣይዲዮሎጂ ዘለዎም ውድባት፡ ንኣብነት ዓልማናውያን ወይ ሃይማኖታውያን ውድባት፡ ናብ ፍጹም ሓድነት ከብጽሕ ዝኽእል፡ ስትራተጂካዊ ምሕዝነታት ክምስረት ይከኣል ኢዩ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ኤትኒካዊ መበቈል ዘለዎም ብሄራውያን ውድባት ግን፡ ናብ ፍጹም ምትሕንፋጽ ዘብጽሕ ስምምዓት ወይ ምሕዝነታት ክግበር ኣይክእልን'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንዝተፈላለዩ ብሄራት ዝውክሉ ውድባት ብምሕዝነት ወይ ብልፍንቲ ጥራሕ ኢዮም ሓቢሮም ክሰርሑ ዝኽእሉ። ዓልማናውያንን ሃይማኖታውያንን ብሄራውን ውድባት ውን፡ በቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ናይ ኣይድዮሎጂን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ፍልልያት ምሕዝነት ወይ ልፍንቲ ክገብሩ እንተዘይኰይኑ ኣብ ፍጹም ሓድነት ክበጽሑ ኣይክእሉን ኢዮም።

ስለ'ዚ፡ መሰረታዊ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ 1999 ዝተመስረተ ሃገራዊ ምሕዝነት ሓይልታት ኤርትራ ይኹን ጠንቂ ፍሽለት ናይ'ቲ ኣብ 2005 ዝተመስረተ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ እቲ ኣብ መንጎ'ቶም ውድባት ዝነበረን ዘሎ ፖለቲካዊ ፍልልያትን ናይ ሕድሕድ ምጥርጣርን ናይ ኣወዳድባ ጸገማትን ኢዩ። ዋላ'ቲ ብ4+1 ዝፍለጥ ዝነበረ ኣብ መንጎ ሓሙሽተ ውድባት ብ2004 እተበጽሐ ናይ ፍጹም ሓድነት ስምምዕ ዝፈሸለሉ መሰረታዊ ምኽንያት፡ ብሰንኪ'ዚ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮም ሰለስተ ረቛሕቲ ኢዩ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ ዝጀመረ ምሕዝነት ናብ ፍጹም ሓድነት ከበጽሕ ዝኽኣለሉ ምኽንያታት፡ ናይ ኣርኣእያ ሓድነትን ምስ'ቲ ኣርኣእያ ዝሳነ ኣወዳድባ ስለዝመረጹን ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን። እዚ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ኪዳን እንከሎ ዝመስረቶ ልፍንቲ ወይ ምሕዝነት እናርኣዩ ከምዘይርኣዩ፡ እናሰምዑ ከምዘይሰምዑ ክኾኑ ዝፍትኑ ገለገለ ውድባት፡ ኣብ ትሕቲ'ቲ ሰፊሕ ጽላል፡ ቀጽርታት፡ ወይ ንኡሳን ልፍንትታት ክምስረት የብሉን እናበሉ ክምድሩ ይስምዑ ኢዮም። እቲ መሰረታዊ መንቀሊኦም ግን፡ ንሶም ምስ ዝኾነ ይኹን ውድብ ከሰምሩ ከምዘይክእሉን ከምዘይደልዩን ስለዝፈልጡ፡ ኵሉ እቲ ሓይልታት ተጐዛዚዩ ማዕሪኦም ኰይኑ ክነብር ስለዝደልዩ ጥራሕ ኢዩ። ንኹልኻ ዝወርድ መዓት፡ ዳርጋ ግዓት ብዝብል ስነ-መጐት ዝምርሑ ኣካላት ኢዮም

ካብ'ዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2007 ዝተኻየደ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡

1. ኣብ መንጎ'ተን ብዲሞክራስን፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን ምቝም ዓልማናዊ ስርዓትን ዝኣምና ውድባት ዝሰጠመ ስትራተጅያዊ ምሕዝነት ክምስረትን ክምዕብልን፤

ኣብ መንጎ'ተን ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ይኹን ሓደ ራእይ ዘይብለን፡ ግንከ ዲክታሪያዊ ስርዓት ከውድቓን መተካታኡ ጥዑይ ሰላማዊ ውድድር ዘፍቅድ ደሞክራስያዊ ስርዓት ክተኽላን ዝሰማማዓ ውድባት ድማ ሓባራዊ ዕዮ ምክያድ ዘኽእል ጽላል ክፈጥራ ከምዝኽእላ ርእዩ።

ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ መንገተን ብቀዳማይ ወገን ክፍለጣ ዝጸንሓ ሰለስተ ውድባት ኪዳን፡ ናብ ሓድነት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ዝማዕደወ፡ ሓባራዊ ግንባር ክቖውም ከም ቀዳማይ ዕማም ክተሓዝ ዕቱብ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ። ከምኡ ውን፡ ሰለስቲኡ ውድባት ብዝተሰማምዓሉ መሰረት ከኣ ምስ

ካልኦት ምሕዝነታት ኮነ ውልቀ ውድባት ዘተ ክግበር፣ ናይ ኣሰራርሓ ስልቲ ክድህሰስ፣ ሓባራዊ ኩሉ ሓቆፍ ጽላል ክፍጠር ወሲኑ።

በዚ፡ እቲ ኪዳን ናብ ባህርያዊ ቦታኡ ወይ ናብ ንቡር ምምላስ ዝብል፡ ብልምድን ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣጋጣምን ዝደጋገም ትርጉም ኣልቦ ኣበሃህላ፡ ንጹርን ክጭበጥ ብዝክኣል ትርጉም ኣብሪህዎ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኪዳን ካብ'ዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ሃለዋት ንቕድሚት ዝደፍኣሉ መንገዲ ሃሰስ ምባል ደኣ'ምበር፡ ነቲ ፍሽለቱ ብተግባር ዝተረጋገጸ ተመኵሮታት ምድጋም መዋጽኦ ከምዘይኮነ'ዩ ዝርእን ዝኣምንን። ንዝፈሸለ ተመኵሮ ምድጋም፡ ነቲ ኣብ ህዝብና ብምግምጋዕ ናይ ኪዳን ዝተፈጥረ ስንባደ ክፍውሶ ኣይክእልን ኢዩ። ፈውሲ ናይ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ውድቀት ክሰርሕ፡ ከድምዕ፡ ህዝቢ ኣብ ዙርያኡ ከዕስል ዝኽእል ምሕዝነት ወይ ኪዳን ወይ ግንባር ምፍጣር ጥራሕ ኢዩ። ኪዳን መሳርሒ ንለውጢ እምበር መሕብእን መንበርን ክኸውን ኣይግባእን።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ዘሎ ናይ ሓድነትን ናይ ፍልልያትን ነጥብታት ግቡእ ተረድኦ ክህሉ ይግባእ። ነዚ ክልተ ዝተፈላለየ ባህርያት ዘለዎ ኣምራት ምድውዋስ፡ ነቲ ጸገም ዝያዳ ዝሓላልኽ እንተዘይኮይኑ፡ ዘቃልል ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።

ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ዝፈላለይሉ መሰረታዊ ነጥቢ፡ ፖለቲካዊ ውድባት ንስልጣን ዝወዳደሩ ትካላት ክኾኑ እንከለዉ፥ ሲቪላዊ ማሕበራት ግን፡ ንስልጣን ዝቈጻጸሩ ኣካላት ምዃኖም ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሲቪላዊ ማሕበራት፡ ደርባዊ ይኹን ኣይድዮሎጂካዊ ፍልልያት ብዘየገድስ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሲቪላዊ ማሕበራት ይኹን ኣብ መንጎ ኣባላት ናይ ሓደ ሲቪላዊ ማሕበር ምርድዳእ ምውህሃድ፡ ምክእኣል፡ ወዘተ ክህሉ ዘተባብዑ፤ ንሕናን እቲኣቶምን ዝብል ምስሕሓብ ዘይብሎም ኣካላት ክኾኑ እንከለዉ፤ ፖለቲካዊ ውድባት ግን፡ ንሕናን እቲኣቶምን ኣብ ዝብል ፍልልያት ዝተሰረቱ፡ ርእይቶኦም ንምዕዋት ምስ ካልኦት ኣብ ውድድርን ምስሕሓብን ዝኣትዉ ኣካላት ኢዮም።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ናይ ውድባት ሲቪላዊ ማሕበራትን፡ ናጻ ዝኾኑ ሲቪላዊ ማሕበራትን ምህላዎም ውን ክዝንጋዕ የብሉን። እቶም ናይ ውድባት ሲቪላዊ ማሕበራት ናይ ውድቦም መስመር ንምዕዋት ዝጽዕቱ ደኣ'ምበር፡ ንኹሉ'ቲ ብስሙ ዝንቀሳቐስሉ ክፉል ናይ ሕብረተ-ሰብ ዝጣበቑ ኣይኮኑን። ኣብ ተመኵሮ ብረታዊ ተጋድሎና ዝነበሩ ናይ ሓፋሽ ወይ ሲቪል ማሕበራት ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ስለዝኾነ ድማ፡ ፖለቲካዊ ማሕበራትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ክደዋወሱ የብሎምን። ኵሎም ነናቶም ኣገባብን ነናቶም መደባትን ዘለዎም ፍሉያት ኣካላት ኢዮም። እዚ ክንብል እንከሎና ግን፡ ንምዕዋቱ ሓቢሮም ክቃለስሉ ዘለዎም ዕላማታት የብሎምን ማለት ኣይኮነን። ዲሞክራስያዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን፡ ኣብ ሓደ ሃገር ሰብኣዊ መሰላት ክኽበር፡ ግሉጽነት ክነግስ፡ ቅዋም ክሕሎ፡ ሰናይ ምሕደራ ክነግስ ተዋሃሂዶም ክሰርሑ ዘይከኣል ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ተወሃሂዶም ክሰርሑ ይግባእ። ቅርጻታቶም ከይሓዋወሱ፡ ሕግታቶም ከይዘባረቑ፡ በብኣገባቦም ዲሞክራሲ ንምስፋን ክቃለሱ ይኽእሉ ኢዮም። ስለ'ዚ ኢዮም ውን ኣባላት ማእከል ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት፡ ኣባልነቶም ካብ ኪዳን ዝሰሓቡ።

ኣብ መደምደምታ፡ ህዝብና ዘድምዕ ልፍንትታትን ዘሳርሕ ውደባታትን ዘዐዉት መንገድን ደኣ'ምበር፡ ነቲ ዝሓለፍናዮ ፍሹል ተመኵሮታትን ዘየሳርሕ ውደባታትን ንምድጋም ኣይኮነን ዝጠልበና ዘሎ። እቲ ብምግምጋዕ ናይ ኪዳን ኣብ ህዝብና ዝተፈጥረ ጓህን ሓዘንን፡ በቲ ዝሓለፍናዮ ፍሹል ተመኵሮ ዘይኮነስ፡ ብከድምዕ ዝኽእል ሓድሽ ውደባታትን ሓድሽ ኣረራእያን ጥራሕ'ዩ ክፍወስ ዝከኣል።

# ቃለ መሓትት ምስ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ

## ምሕዝነት ስልታዊ ደኣ’ምበር ስትራተጅያዊ ባህርያት የብሉን
## ናብ ናይ ቀደም ኵነታት ክምለስ ኢልካ ምሕሳብ ድማ ሕልሚ’ዩ

ቃለ-መሓትት ዘካየድሉ ሓው ዓብደልራዝቕ ከራርን ጀማል ሁመድን
መርበብ ሓበሬታ ኣዱሊስ

ትርጉም፣ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ምስ ሓው ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ኣፈ ባይቶ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ዝገበርናዮ ቃለ-መሓትት ብግልጹነቱ ፍልይ ዝበለ መቐረትን መኣዛን ኣለዎ። ንጹርን ዘየዋላውልን ርእይቶ ኣብ ምሃብ ንኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ዝወዳደር ሰብ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ኣይተረኸበን። እዚ መለለዪኡ ኰይኑ’ዩ ጸኒሑ። ከምኡ ውን፣ ብህዝቢ ይኹን ብውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን መሰረታቱን ፍሉይ ኣኽብሮት ዘለዎ ተቓላሳይ ኢዩ። ብዛዕባ ሃለዋት ናይ’ቲ ዝወደቐ ኪዳንን ብዛዕባ ኵነታት ኤርትራን፤ ከምኡ ውን፣ ነቲ ተገማሚኡ ዘሎ ሓይልታት ተቓውሞ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናይ ሓባር ጽላል ንምምላስ ናይ ዘሎ ተኸእሎታት፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ወጥሪ፣ ብዛዕባ ተባራዒ ዝኾነ ኵነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፣ ብፍላይ ድማ፣ ብዛዕባ ውሽጣዊ ኵነታት ኤርትራን ውግእን ኣብ መንጎ ኤርትራን ኣመሪካን ዘሎ ፍልልያትን ነጸብራቓቱ ኣብ ልዕሊ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ንምሕታት ምስ ኢብራሂም ኮፍ ኣብ ዝበልናሉ ዕለት፣ ኣብ ካርቱም ይዘንብ ነይሩ።

**ሕቶ፡- ጀናዲ ፍረይዘር፣ ተሓጋጋዚት ሓላፊት ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ፣ ንኤርትራ ኣብ መዝገብ ናይ ፈጠርቲ ራዕዲ ንምስፋር ዘኽእል ጭብጥታት ንምእካብ ንጽዕር ኣሎና ክትብል ዝሃበቶ መግለጺ፣ እንታይ ርእይቶ ኣሎካ? ነጸብራቓቱ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝብናን ተቓወምቲ ውድባትን እንታይ ክኸውን’ዩ ትብል?**

መልሲ፡- ካብ ናጽነት ኤርትራ ጀሚሩ፣ ኣመሪካውያን ንስርዓት ኢሳያስ ጽላል ኰይኖምዎ ኢዮም ጸኒሖም። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ድማ ድልዱል ዝምድና ነይሩ። መንግስቲ ኣመሪካ ብፍላይ ድማ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ፣ ብዛዕባ’ቲ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ሰብኣዊ ግህሰታት ኣመልኪቱ ነቐፌታ ዝሓዘለ ዓመታዊ ጸብጻባት ብቐጻልነት ከውጽእ ድሕሪ ምጅማሩ ግን፣ ዝምድና ክልቲኦም ሃገራት እናላሕልሐ ክኸይድ ተራእዩ። ስርዓት ኢሳያስ ከኣ፣ ከም’ዚ ዝዓይነቱ ነቐፌታት ዝቕበል ወይ ዝጸውር ኣይኰነን። ከምኡ ውን፣ እቲ ስርዓት፣ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተፈጥረ ወጥሪ፣ ብፍላይ ድማ ድሕሪ ብይን ኮሚሽን ዶብ፣ እቲ ስርዓት መፍትሒታት ኣብ ምቕራብ ርኡይ ሕጽረታት ኣርእዩ። ኣብ ርእስ’ዚ፣ ስርዓት ኢሳያስ፣ ኣብ’ቲ ኣብ መንጎ ሶማልያውያን ዝካየድ ዘሎ ናይ ሕድሕድ ውግእ፣ ነቶም ኣመሪካ ከም ኣሸበርቲ ሓይልታት እትቘጽሮም እስላማዊ ኣብያተ-ፍርዲ ደጊፉ ኣንጻር’ቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ጣልቃ ምእታዉ፥ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኤርትራ ንዝነበረ ፍልልይ ብዝያዳ ከምዝጋፋሕን፥ ኤርትራ ድማ ብዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ ደረጃታት ብዝያዳ እናተነጸለት ከም እትኸይድ ክገበራ ኢዩ። እዚ ብተራኡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ስርዓት ዝወርድ ጸቕጥታት ከዛይዶን ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ውድቀት ከምብጽሖን ምኧኑ ርዱእ ኢዩ። ብወገነይ፣ ብመንጽር ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ክርኣ እንከሎ፣ ኣመሪካ ሒዛቶ ዘላ መርገጽ ኣወንታዊ ኢዩ እብል። ምኽንያቱ ከኣ፣ ኣመሪካ ኣብ ዓለምና እታ ዝሓየለት እንኮ ሃገር ስለዝኾነት፣ ኤርትራውያን ካብ’ዚ ኣረሚናዊ ስርዓት’ዚ ንኽናገፉ ክትሕግዝ ትኽእል ኢያ። ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ድማ፣ ነዚ ዕድል’ዚ ተጠቒሞም ምስ ኣመሪካ ናይ መራኸቢ መስኖ ክኸፍቱን፣ ንረብሓ ህዝቢ

ኤርትራ ከውዕልዎን ክጽዕሩን ይግባእ። ቅድሚ ሕጂ ኣመሪካ ንስርዓት ኢሳያስ መተካእታ ዝኸውን ሓይሊ ኣይተረኸበን ብዝብል ምስምስ፥ ሓድሓደ ግዜ ድማ ምስ ሱዳን ብዝነበሮም ዘይምርድዳእ ንስርዓት ኢሳያስ ከም መሳርሒ ናይ ገለ መደባቶም ክጥቀምሉ ይደልዩ ስለዝነበሩ፡ ኣብ ልዕሊና ገለ ተዓቕቦታት ከምዝነበሮም ከይጠቐስኩ ክሓልፍ ኣይደልን። ሕጂ ግን፡ እዚ ተዓቕቦታ'ዚ ተሰጊሩ ዝምድና ክልቲኡ ሃገራት ድማ ኣብ ዝሸፍአ ደረጃኡ ስለዝርከብ፡ ንጉዳይ ህዝብና ዘገልግል ኣህጉራዊ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ ክበሃል ይከኣል።

ብተወሳኺ፡ ናይ ውግእ ኣጽዋር ናብ ሶማል ከይስደድ ዝእግድ ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ጥሒሱ፡ ስርዓት ኣስመራ ናብ ሶማል ኣጽዋር ይልእኽ ኣሎ ዝብል ክሲ ውን በቲ ኣህጉራዊ ትካል ቀሪብሉ ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ደጊመ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቒሞም ምስ ኣመሪካን ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳን ብቐልጡፍ ርኽክባት ብምክያድ ንሃገርና ካብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ ቅልውላው ከውጽእዋ ክጽዕሩ ይግባእ እብል። ነዚ ዕድል'ዚ ብግቡእ ተጠቒምና እንተደኣ ተንቀሳቒስና ድማ፡ ናብ'ቲ እንብህጎ ዕላማታት ክንበጽሕ ክንክእል ኢና።

***ሕቶ፡- መርገጽ ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳ፡ ብመንጽር'ቲ ተሪር ዝኾነ መርገጽ ኣመሪካ ክርአ እንከሎ፡ ፍኹስ ወይ ልስልስ ዝበለ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ነዚ ከብለና ዝኸኣለ ኣብነት ድማ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ናብ ሃገራት ኣውሮጳ ዑደት ክገብር ምዕዳመንን፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዝውዕል ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ደገፍ ምብርካተንን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ገምጋምትኩም ኣብ ሃገራት ኣውሮጳን ሕብረት ኣውሮጳን እንታይ ኢዩ?***

መልሲ፡- ዘሎኒ ኣፍልጦ፡ ኣውሮጳ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ተዓቕቦታት ከምዘለዋ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ክሳዕ'ቲ ብ1994 ዝተኻየደ ጉባኤ ዕድል ክህብዎ፡ ብድሕሪኡ፡ ርእይቶኡ ክንጸር'ዩ ዝብል ትጽቢት ነይርዎም። ድሒሩ ግን፡ ሰብኣዊ ናይ ረዲኤት ማሕበራት ከባርር፥ ሰብኣዊ ግህሰታት ብቐጻልነት ክፍጽምን ኣባላት ኤምባሲታት ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳ ክሰጉግን ምስ ጀመረ፡ ምስ'ቲ ስርዓት ብዕቱብነት ክሰራሕ ከምዘይከኣል ዓጊቦም ኢዮም።

ኣውሮጳውያን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ሓደ ኰይኖም እንተደኣ ተቓሊሶም ክዕወቱ'ዩ ዝብል ርእይቶ ነይርዎም ኢዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ'ዩ፡ ንምምስራት ሃገራዊ ምሕዝነት ሓይልታት ኤርትራ ብ1999 ሓንጎፋይ ኢሎም ዝተቐበሉ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ክንዳና ኰይኑ ዝዋግኣልና ሓይሊ ከምዘየለ ከይጠቐስኩ ክሓልፍ ኣይደልን። ብናይ ባዕልና ዓቕሚ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ሓይሊ ክንፈጥር ክንክእል ኣሎና እምበር፡ ካልኦት ክዋግኡልና ንሕና ከኣ ደገፍቶም ክንከውን ኣይኰነን እቲ ነገር። እዚ ክንብል እንከሎና ግን፡ ደገፍ ናይ ካልኦት ኣየድልየናን'ዩ ማለት ከምዘይኰነ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። እዚ ከኣ ክሳዕ ሕጂ ዘይተዓወትናሉ ወይ ዝፈሸልናሉ ጉዳይ ኢዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ጉዳይ ሓድነት፡ ሓደን ሓድነትን ዝኾነ ፖለቲካዊ ቃል ኣብ ምውናንን፤ ሓደ ኰንካ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳያት ኣብ ምንጣፍን ፈሺልና ኢና።

ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ዝመስረትናሉ እዋን፡ ናብ ኖርወይ ዑደት ንምግባር ተዓዲምና ኔርና ኢና። እዚ ናይ ኖርወይ ተበግሶ ዘይተጸበናዮን ሃንደበትን'ዩ ኰይኑና። ነዚ ዝምድና'ዚ ከነማዕብሎን ከነሐይሎን ይግባእ ነይሩ። ስርሓትና ኣማዕቢልና ሓደ ቃል ኰይና ንኣውሮጳውያን ቀሪብናዮም ኔርና እንተንኸውን፡ ከነዕግቦም ምኸኣልና ኔርና እብል።

ብሓፈሽኡ ግን ኣውሮጳውያን ዝገብርዎ ዘለዉ ምትሕብባር ሰብኣዊ ደኣ'ምበር ፖለቲካዊ ኣይኰነን። ከምኡ ውን፡ ኣውሮጳ ኣሰር ናይ ኣመሪካ ሒዛ እትኸይድ ክፍለ-ዓለም ምዃና ክንዝንግዖ የብልናን። ኣመሪካ እትሕዞ ሓድሽ ናይ ፖሊሲ ለውጥታት፡ ኣብ ናይ ኣውሮጳውያን መርገጻት ለውጥታት

ከምዘኽትል ክንርዳእ ይግባእ። እዚ ድማ፡ ኣብ'ቲ ንምዕራባውያን ዘገድሶም ጉዳያት ሓደ ዝኾነ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን፡ ቅቡልን ክውንነታውን ዝኾነ ፖለቲካዊ ቃልን ናይ ሓባር መርገጽን ምውናን ይሓትት። መርገጽ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ'ዚ ጉዳያት'ዚ ግን፡ ዘተስፉ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ ቅኑዕ መዋጽኦ ንምርካብ ቀጻሊ ጽዓታት ካብ ምግባር ክንቍጠብ የብልናን።

**ሕቶ፡- ሓደ ዝኾነ ክውንነታውን ቃል ምውናን ክትብል ከሎኻ እንታይ ማለትካ'ዩ? ዝያዳ መብርሂ'ዶ ምሃብካና?**

መልሲ፡- ሓደን ክውንነታውን ቃል ምውናን ክብል ከለኹ፡ ነቶም ኣውሮጳውያን ዘዕግቦም ቃል ደኣ'ምበር፡ ንዓና ዘዕግበና ቃል ክኸውን የብሉን ማለተይ ኢዩ። ንሕና ኢና ብመሰረት ራኢኦምን ረብሓታቶምን ምስ ካልኦት ማለት ምስ'ቶም ንዓለም ዝቈጻጸሩን ኣህጉራዊ ውሳኔታት ዝቐርጹን ዘለዉ ምዕራባውያን ሓቢርና ክንሰርሕ ንደሊ ዘሎና። ስለዝኾነ ድማ፡ ድሕር'ዚ ነዊሕ ሓቢርና ዝተኻዓዝናዮ ዓመታት፡ ንሕና ከም ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ሓደ ናይ ሓባር ገምጋም ክህልወናን፤ ኣብ'ቶም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዞባና ዝግሃዱ ዘለዉ ብዙሓት ኣህጉራዊ ጉዳያት፡ ከም ንኣብነት ጉዳይ ኣሸበርቲ፡ ሓባራዊ መርገጽ ክህልወና ይግባእ ነይሩ። ጉዳይ ኣሸበርቲ ድማ፡ ዋላ'ኳ ኣመሪካ ብመሪሕ ደረጃ ትዋግኦ እንተሃለወት፡ እቲ ጉዳይ ከም ጉዳይ ኣህጉራዊ ባህርያት ዘለዎ ኢዩ። ንሕና'ኸ ከም ተቓወምቲ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ሓደ ዝኾነ ርእይቶ ኣሎና'ዶ? ኣብ ዞባናን ኣብ ሶማልያን ካልኦት ቦታታትን ኣብ ዝካየዱ ዘለዉ ውግኣት ብሩህን ሓደን ዝኾነ ርእይቶ ኣሎና'ዶ? ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያውን ውን ሓድሽ ውግእ ይባራዕ ይኸውን። ስለ'ዚ፡ ብጥቕልሉ፡ ኣብ ኵሎም እዞም ጉዳያት እዚኣቶም ሓባራዊ ርእይቶ ክህልወና ይግባእ ኢዩ። እቲ ናይ ኤርትራ ስርዓት ዓንዳሪ እንተደኣኮይኑ፡ ንሕና ከም ተቓወምቲ ብሓባር ካብ'ቲ ስርዓት ዝተፈልየ፡ ኣብ ዞባና ርግኣት ከስፍን ዝኽእል ርእይቶ ከምዘሎና ከነዕግቦም ክንክእል ኣሎና። ኣብ'ዚ ከስምረሉ ዝደሊ፡ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ሓይልና ዝሓተና ዝኾነ ይኹን ሸነኽ ከምዘየሎ ኢዩ። ማለት ቅድም ቀዳድም ዘገድሶም ፖለቲካዊ መርገጻትና ኢዩ።

**ሕቶ፡- ተቓዋሚ ሓይሊ ኤርትራ፡ ድሕሪ 7 ዓመታትን መንፈቕን ኣብ ዕጽው መንገዲ በጺሑ፤ ከምኡ ውን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ'ቲ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2007 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘካየዶ 2ይ ጉባኤኡ ዘጋጥሞ ምግምማዕ፡ ንሞራል ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዋላ ውን ናይ'ቶም ንተቓወምቲ ዘይድግፉ ከይተረፈን፥ ከምኡ ውን ንሞራል ናይ'ቶም ኣብ ጉድኒ'ቲ ጉዳይ ደው ኢሎም ክድግፉ ዝጸንሑ ፈተውትን ሃስይዎ ኢዩ። ካብ'ዚ ቅልውላው'ዚ ንምውጻእ ዝርኣየካ መፍትሒታት ኣሎ'ዶ?**

መልሲ፡- ንዓይ፡ ውድቀት ናይ ምሕዝነት ወይ ኪዳን ብብዙሕ ምኽንያታት ሃንደበት ኣይኮነንን። ገለ ካብ'ቲ ምኽንያታት ድማ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ምሕዝነት ብ1999 ዓ.ም ክምስረት እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ጉዳያት ስትራተጂካዊ ፍልልያት ብዘለዎም ፖለቲካዊ ሓይልታት'ዩ ቈይሙ። ሃገራዊ ሓድነት ዝጠልቡ ሓይልታት ነይሮም፤ ኣብ'ዚ ሕቶ'ዚ ተዓቕቦ ዝነበሮም መሰል ናይ ርእሰ-ውሳኔ ዝጠልቡን ሓይልታት ነይሮም። ከምኡ ውን፡ ዓልማናዊ ሲቪላዊ መንግስቲ ክቘውም ዝደልዩን፡ ካልኦት ድማ ሃይማኖታዊ መንግስቲ ክምስርቱ ዝደልዩ ነይሮም። ብተወሳኺ፡ ንዲሞክራሲ ከም መርሆ ዝቕበሉን ተዓቕቦ ዝገብሩን ነይሮም። ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ከም ጽላል ኰይኑ ቀጻሊ ልዝብ ኣብ መንጎ'ዞም ሓይልታት እዚኣቶም ዝካየደሉ ምቹእ ሃዋህው ክፈጥር ኢዩ። በዚ ኣቢሎም ድማ፡ እቶም ውድባት ኣብ ሕቶ ሃገራዊ ሓድነትን ጉዳይ ዲሞክራስን ባህርያት ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ንዘለዎም ስትራተጂያዊ ፍልልያት ብምጽባብ ንፍልልያቶም ክሰግርዎ ኢዮም ዝብል እምነትን ተስፋን ነይሩና። ነዚ ፍልልያት'ዚ ድማ፡ ወይ ተሰማሚዕና ክንሰግሮ ወይ ድማ ከም'ቲ ብግብሪ ዝተጋህደ ፈሺልና ኣብ ዕጽው መንገዲ ክንበጽሕ'ዩ ዝነበረና ክልተ ምርጫ። እቲ ምሕዝነት ወይ ልፍንቲ ብባህርያኡ

ስልታዊ ደኣ'ምበር ስትራተጂካዊ ጠባያት ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ኩልና እንሰማምዓሉ ነጥቢ ምውዳቕ ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝብል ጥራሕ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪ ውድቀት ናይ'ቲ ስርዓት፡ ነፍስወከፍ ውድብ ነናቱ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ከዐውት ክንየ ምኽኑ ብሩህ ኢዩ። እቲ ንዓይ ሃንደበት ዝኾነኒ ግን፡ እቲ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ምግምማዕ ኣብ ጕዳይ መሪሕነት ምኻኑ ጥራሕ ኢዩ። ኣብ'ቶም ዝሓለፉ 7 ዓመታት ኣብ'ቶም ንሽሪዓን መሰል ናይ ብሄራትን ዝምልከቱ ኣብ ቻርተር ዝነበሩ ክልተ ዓንቀጻት ጥራሕ ኢና ንዋጠጥ ኔርና። ንኣብነት ብጕዳይ ሓድነት እንተደኣ ተዛሪብና፡ ገለገለ ውድባት፡ እዚ ነቲ ናይ ርእሰ-ውሳኔ መሰልና ዝዳፋእ'ዩ ዝብሉ ነይሮም። ከምኡ ውን፡ ኣብ ጕዳይ ሽሪዓ ብዙሕ ምስሕሓባት ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ኣብ'ቲ ሰዓብቲ ምስልምና ዝርከብዎ ቦታታት፡ ሽሪዓኦም ክጥቀሙ፡ እቶም ሰዓብቲ ክርስትና ዝነብርዎ ቦታታት ድማ ሕጊ-እንዳባ ክጥቀሙ ኣብ ዝብል ማእካላይ ስምምዕ በጻሕና። ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝነበርናዮ ወጠጥ ተመሊስና። እዚ ኣርእስቲ'ዚ ድማ፡ ምስ ናይ'ዚ እዋን'ዚ ጠለብ ናይ ህዝብና ይኹን ዋላ ምስ'ቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት እነካይዶ ዘሎና ቃልሲ፡ ዝኾነ ይኹን ዝምድና የብሉን። ኣብ መጻኢ እንተደኣኮይኑ ከኣ፡ ካልእ ነገር ኢዩ። እምበኣርከስ፡ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ይኹን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ስትራተጂካዊ ዕላማታት ዘይተሰረተ ስልታዊ ግንባር ስለዝኾነ ክወድቕ ግድነት ኢዩ።

ሕጂ፡ ነቲ ልፍንቲ ናብ'ቲ ቅድሚ ውድቀቱ ዝነበረ ሃለዋት ምምላሱ ዝብል ናይ ሓላማይ ዘረባ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ካብ'ቲ ናይ ቀደም ፍልይ ዝበለ ንኹሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝጥርንፍ ሓድሽ ቅዲ (ፎርሙላ) ክፍተሽ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ኩሎም ኣብ ስትራተጂካዊ ጕዳያት ሓደ ወይ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም ውድባት ናይ ገዛእ ርእሶም ልፍንቲ ይምስርቱ። በዚ ድማ ክልተ ወይ ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ርእሶም ዝኽእሉ ልፍንትታት ወይ ቀጽርታት ክህልዉ'ዮም ማለት ኢዩ። ኣብ መንጎ'ዞም ልፍንትታት እዚኣቶም ድማ ኣብ ሓባራዊ ሃገራዊ ረብሓ ዝተመርኰሰ ፖለቲካዊ ስምምዕ ክግበር ይከኣል ኢዩ።

**ሕቶ፡- 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ውድብኩም ካብ ዝግበር ሓደ ዓመት ኰይኑ ኣሎ። ኣብ ጉባኤኹም፡ ውድብኩም ናብ ሰልፊ ንምስግጋር ዝተወሰደ ኣገዳሲ ውሳኔ ነይሩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘካየድክምዎ ጻዕርታት ኣበይ በጺሑ ኣሎ?**

ኣነ ብዘሎኒ ናይ ጥዕና ጸገም ምኽንያት ብግብሪ ኣብ ናይ ምምራሕ ቦታ የለኹን። ዝኾነ ይኹን ናይ መሪሕነት ቦታ ከይውሃበኒ ውን ጠሊበ ነይረ። ብጸተይ ግን፡ ናይ ግድን ክትህሉ ኣሎካ ስለዝበሉ፡ ናይ ኣፈ ባይቶ ወይ ኣቦ መንበር ሓጋጊ ባይቶ ቦታ ክሕዝ ተሰማሚዐ፡ ኣኼባታት ሰውራዊ ባይቶ ክመርሕ ጸኒሐን ኣለኹ። ስለ'ዚ፡ ኣብ'ቲ መዓልታዊ ናይ ምፍጻም ስርሓት የለኹን። ብዛዕባ ምምስራት ሰልፊ ዝብል ሓሳብ ህያው'ዩ ዘሎ። እንተኾነ፡ ብመሰረት'ቲ ጉባኤ ዝሓንጸጾ ቅዲ ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘጋጥሞ ገለገለ ናይ ኣፈጻጽማ ጸገማት ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ነዚ ጸገማት'ዚ ክንሰግሮ ድማ ትስፍዋት ኢና። ብሓቂ እንተኾይኑ ግን፡ እቲ ስምና ልክዕ ናይ ግንባር ስም'ዩ፤ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮና እንተርኢ'ኻ ግን ናይ ሰልፊ መደብ ዕዮ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ እቲ መስርሕ ቀጺሊ ኣሎ፡ እቲ ውሳኔታት ውን እናተፈጸመ'ዩ። ዝርዝራቱ ብዝምልከት ግን፡ ምስ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እንተተራኺብኩም ዝሓሸ ኢዩ። ንሳቶም ዝያዳ መብርሂ ክህብኹም ይኽእሉ ኢዮም።

**ሕቶ፡- ሕጂ ናብ'ቲ ናብ ክልተ ግንዓት እተኸፋፈለ ጕዳይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ካብኡ ወጺኢ ዝጸንሑን ውድባት ንመለስ። ኣብ ዝመጽእ ግዝያት፡ ሓድሽ ምትእኽኻባት ክፍጠር፡ ካብ ሓደ ሽነኽ ናብ ካልእ ሽነኽ ምስግጋር ወዘተ ክርእ'ዩ ኢልካ'ዶ ትሓስብ? ወይስ እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ምክፍፋል'ዩ እቲ ዝሓሸ ትብል?**

መልሲ፡- ኣብ'ዚ ይኹን ኣብ'ቲ ሓድሽ ምትእኽኻባት ክግሃድ ይከኣል ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ናይ ኤርትራ ደምበ ተቓውሞ በዘን

ክልተ ግንዓት ወይ ቀጽርታት ጥራሕ ዝግለጽ ኣይኮነን። ወጻኢ ካብ'ዚ ክልተ ቀጽርታት ካልኦት ተቓወምቲ ሓይልታት ኣለዋ። እቲ ዅነታት ኣብ ቀጻሊ ምንቅስቓስን ሓጐጽጐጽን ደኣ'ምበር ኣብ ርጉእ ዅነታት የለን። ስለዝኾነ ድማ፡ ለውጥታት ክመጽእ ንጽበ ኢና። ኣብ ውሽጢ ነፍስወከፍ ቀጽሪ ውን ፍልልያትን ምክፍፋላትን ኣሎ። ንሕና፡ ኣብ ውሽጢ'ቶም 7 ውድባት ዘሎ ፍልልያት ንሰምዕ፤ ከምኡ ውን ኣብ መንጐ'ቶም ሰለስተ። ኣነ ብዕግበተይ ልፍንቲ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት ደኣ'ምበር ኣብ ጓል ነገር ክምስረት የብሉን ኢየ ዝብል። ነፍስወከፍ ቀጽሪ ድማ፡ ቀጻልነቱን ውህደቱን ከውሕስ እንተደኣኮይኑ፡ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት ክህንጽ ኣለዎ'የ ዝብል። ዝተነጻጸሉ ደሴታት ኰይኖም ክነብሩ ውን ኣይደልን'የ። ኣብ ልዑል ሃገራዊ ረብሓታት ክራኸቡ ክኽእሉን፤ ካብ'ቲ ቀንዲ ውግእና ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክርሕቑና ናብ ዝኽእል ናይ ሕድሕድ ምጽልላም ድማ ክንቅኑጠብ ኣሎና እብል።

**ሕቶ፡- እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ እተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐ ቻርተር ከም ብቑዕ መሰረት ናይ ምርድዳእን ምጥርናፍን ኰይኑ ከገልግል ዝኽእል'ዶ ይመስለካ ወይስ ኣይክእልን? ከምኡ ውን፡ ኵሉ ዝሳተፎ ሃገራዊ ዋዕላ ተጸዊዑ፡ ብናይ ሓባር ራእይን ብናይ ሓባር ጽላልን ምውጻእ ይከኣል'ዩ ዝብል ካልእ ርእይቶ ውን ኣሎ። ኣብ'ዚ ጉዳያት'ዚ እንታይ ርእይቶ ኣሎካ?**

መልሲ፡- እቲ ኣብ 1999 ዝጸደቐ ቻርተር፡ ክሳዕ 2ይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ መሰረታዊ ዝኾነ ምምሕያሻት ኣይተገብረሉን። ኣብ መንጐ ፖለቲካውን ባህላውን ህዝባውን ኣካላት ሓባራዊ ስርሓት ክህሉ ኣድላዪ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ መልክዕ ናይ'ቲ ምትሕብባራት ሓደ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ መንጐ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክግበር ዘለዎ ምትሕብባር፡ ካብ'ቲ ምስ ሲቪላዊ ማሕበራት ዝግበር ምትሕብባር ዝተፈልየ ኢዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ቅድሚ 10 ዓመታት ኣቢሉ ውን ተላዒሉ ነይሩ። ክሳዕ ሕጂ ድማ ክጭበጥ ዝኽእል ዝተገብረ ነገር የለን። ምኽንያቱ ድማ፡ ወይ እተን ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ዝብልኦ ኣይጸንዓን ኢየን ወይ ድማ ሲቪላዊ ማሕበራት ዝብሃላ የለዋን ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። እቲ ዝድለ እምበኣር፡ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዘሳርሖም መደብን ሓባራዊ ዝምድናን ብምፍጣር፡ ንሲቭላዊ ማሕበራት ክመርሑ ዘኽእሎም መቕድም ምኽፋት ኢዩ። ንናይ ኤርትራውያን ሲቪላዊ ማሕበራት ዝምልከት ዝለዓል ብዙሕ ሕቶታት ውን ኣሎ። ሲቪላዊ ማሕበራት ዝብሃላ ብሓቂ ኣለዋና ድየን? መን'ከ ኢዩ ምህላወንን ዘይምህላወንን ዝውስን? ብኸመይ'ከ ይውስን? …ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ኣለዉ።

**ሕቶ፡- ዅነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ፈኺም እናበለ ይኸይድን ናይ ውግእ ደበና ኣብ ዞናና የንጸላሉን ኣሎ። ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ፡ ናይ ፕሮፓጋንዳ ውግእ እናሓየለ ክምጽእ ይርአ ኣሎ። ኣብ ልዕል'ዚ፡ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኣመሪካን ዝነበረ ዝምድና እናተበላሸወ ምምጽኡ፡ ኢትዮጵያ ድማ፡ ኣብ ዅነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣገዳሲ ግደ ክትጻወትን ንዅነታት ሶማል ዳግማይ ስርርዕ ክትገብርን ተፈቒዱላ … ወዘተ ኣሎ። ስለ'ዚ፡ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓድሽ ውግእ ክለዓል'ዩ ምስ ዝብል ሽኻት ትሰማማዕ'ዶ?**

መልሲ፡- ውግእ በዚ ይኹን በቲ ክህሉ ኢዩ። ምኽንያቱ ናይ ኣይሰላም ኣይውግእ ዅነታት ከምኡ ኢሉ ንነዊሕ ክቕጽል ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ወይ ብሰላም ወይ ብውግእ'ዩ ክዛዘም ዘለዎ። ድሕሪ'ቲ ብኮሚሽን ዶብ ዝተዋህበ ክልቲኡ ሸነኻት ክኽብሮ ዝተሰማምዓሉ ብይን፡ ኢትዮጵያ ነቲ መስርሕ ናይ ምጥራር ብምጽራር፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ንልዝብ ጸዊዓ። እቲ ብወገን ኢትዮጵያ ዝቐረበ ምኽንያት፡ እቲ ምጥራር ከምዘለዎ ኣብ ግብሪ እንተደኣ ውዒሉ፡ ናይ ኤርትራ ዝኾና ዓድታት ናብ ኢትዮጵያ፡ ከምኡ ድማ፡ ናይ ኢትዮጵያ ዝኾና ዓድታት ናብ ኤርትራ ክኸዳ ኢየን ኣብ'ቲ ኣብ ዶብ ዝነብር ህዝቢ ግዙፍ ጸገማት ክፈጥር'ዩ ዝብል ነበረ። ኤርትራ ድማ፡ ምስ ኢትዮጵያ ኮፍ ኢላ ንምልዛብ ኣይተቐበለቶን ምኽንያቱ ድማ፡

ሓደ ሕምሲት ካብ መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ናይ መንግስቲ ኤርትራ ስለዘየለን፤ ስርዓት ኤርትራ ስዑር ስለዝኾነ ድሌታቱ ከዐውት ዝኽእለሉ ቅድመ-ኵነታት ክገብር ከምዘይክእልን ስለዝፈልጥ ኢዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ሕቡራት ሃገራት ይኹን ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ኢትዮጵያ ዝርከብ መሬቱ ንምምላስ ዘ'ኽእሎ ኵሉ ዝቐረበሉ መፍትሒታት ስለዝነጽግን ኢዩ። እዚ ድማ ብሓቂ ዘገርም ኢዩ። እቲ ኵነታት ከም'ዚ ኢሉ ንዘልኣለም ክቕጽል ኣይክእልን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ውግእ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክለዓል ይኽእል ኢዩ። ስርዓት ኤርትራ ድማ፡ ሓላፍነቱ ክስከም ኣለዎ።

**ሕቶ፡- እዚ ቃለ-መሓትት'ዚ ኣብ መጀምርያ ሰሙን ናይ ወርሒ መስከረም ኢና ነካይዶ ዘሎና። ድሕሪ 46 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ኣብ'ቲ ኵነታት ዘሎካ ገምጋም እንታይ ኢዩ?**

ኣብ መስከረም 1961 ብረታዊ ተጋድሎና ብዓዋተ ክጅመር እንከሎ ዝነበረ ኵነታት ካብ ናይ ሎሚ መስከረም 2007 ዝሓሸ ነይሩ። ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንተነበረት፡ ኤርትራውያን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኢዮም ነይሮም፡ ከምኡ ውን፡ ናይ ሓርነትን ናጽነትን ተስፋን ትጽቢትን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሓያል ኢዩ ነይሩ። ሎሚ ግን፡ ኤርትራ ናጻ ኰይና ዋላ ውን ኣባል ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ እንተኾነት፡ ኵነታት ህዝብና፡ ካብ'ቲ ኣብ መዋእል መግዛእቲ ዝነበሮ ዝኸፍአ'ዩ ኰይኑ ዘሎ። ስለ'ዚ፡ እቲ ለውጢ ንረብሓ ናይ ህዝቢ ኣይኰነን መጺኡ፤ እንታይ ደኣ ህዝቢ ዝሳቐየሉ ኵነታት ኢዩ ተፈጢሩ። ልክዕ'ዩ፡ ኣእዋምን ስንጭሮታትን ኣኽራንን ካብ ጕበጣ ኢትዮጵያ ሓራ ኰይኑ፥ እንተኾነ ግን፡ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ይኹን ኣብ ደገ ተቐይዱን ጓና ኰይኑን'ዩ ዘሕልፎ ዘሎ። ስለ'ዚ፡ ኣብ'ዚ መበል 46 ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ነኽብረሉ ዘሎና እዋን፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ'ዚ ኣትይዎ ዘሎ ዓዘቕቲ ክወጽእ ኢዩ ትምኒትናን ሕልምናን።

# ምቓም እስላማዊ ምሕዝነት (ልፍንቲ) ኤርትራ

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ ዝተቐራረበ መደብ-ዕዮ ዘለዎም ውድባት ናብ ሓደ ቀጽሪ ወይ ናብ ሓደ ሰልፊ ክጥርነፉ ክጽውዕን ክተባብዕን ዝጸንሐ ውድብ ምዃኑ ዝፍለጥ ኢዩ። ኣብ'ቲ ኣብ ነሓሰ 2006 እተኻየደ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ውን፡ ምስ ዝመሳሰልዎ ውድባት ኰይኑ፡ ሰፊሕ ህዛባዊ መሰረት ዘለዎ ሰልፊ ንምምስራት ዘለዎ ቅሩብነት ብዝወሰዶ ተባዕ ውሳኔ ገሊጽዎ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ተሓኤ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንምምስራት ንዝወሰድዎ ሓድነታዊ ስጕምቲ ናእዳኡን መጐሱን ገሊጹ ኢዩ።

ኣብ 2ይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ምግምጋዕ ተርእዮ ድሕሪ ምግሃዱ ድማ፡ ነቲ ዝተፈጥረ ጋግ ንምጽባብ ዘኽእል ክልቲኡ ቀጽርታት ብማዕረ ዝውክለሉ፡ ግዝያዊ መሪሕነት ወይ ሰክረታርያ ክቐውም ምስ ዲሞክራሲ ኤርትራን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኰይኑ ተቓሊስሉ ኢዩ። ሕጂ ውን፡ ካብ'ዚ መትከላዊ ኣርኣእያኡ ተበጊሱ፡ ነዚ ብእስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን ብእስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን ቀይሙ ዘሎ እስላማዊ ምሕዝነት ኤርትራ ካብ'ቲ ውድብና ሒዝዎ ዘሎ ናይ ምቕዋም ልፍንትን ናይ ሓድነትን ራእይ ዘይወጻ ምዃኑ ርእዩ።

እዚ ስጕምቲ'ዚ፡ ብሓደ ሸነኽ ነቲ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ክርእ ዝጸንሐ ብዝሒ ናይ ውድባትን ሕልኽልኻቱን ክንኪ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ዝተፈላለዩ ውድባት ዘሎ ናይ ሓድነትን ፍልልይን ነጥብታት ኣብ ምንጻርን፡ ህዝቢ ድማ ንዝመረጾ መደብ ዕዮ ከመርጽ ዘኽእልን ኣወንታዊ ግደ ክህልዎ'ዩ ዝብል እምነት ከምዘሎና ከነረጋግጽ ንፈቱ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ንጹር መደብ ዕዮታት ዝተሰረተ ቀጽርታት፡ ኣብ ዝተሓተ ነጥቢ ተሰማሚዑ ክሰርሕ ዘኽእሎ ምቹእ ባይታ ክፈጥር ምዃኑ ድማ ኣይንጠራጠርን ኢና።

# "ሓሙሽተ ዓመታት ከም ሓሙሽተ ክፍለ-ዘመን" ዕላል ምስ ካብ መዳጎኒ ማእከላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘምለጠ መንእሰይ

እቲ ከም ጉጅለ ፖልፖት ካምቦድያ ነበር: "ኩሉ ዝመሽመሽ ክእለ ኣለዎ" ብዝብል መርሆ ዝምራሕ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፥ ብሃውሪ ምእሳርን ምቅንጻልን ምርሻንን ልሙድ ዝኾነ ዕለታዊ ኣሰራርሕኡ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ካብኡ ፈሊኻ ዘይረአ ካልኣይ መፋጥርቱ እዩ። ንታሪኽን ባህርያትን ናይዚ ጉጅለ'ዚ ኣጸቢቑ ንዝፈልጥ ሰብ ከኣ፡ ነዚ ንምልላይ ግዜ ከም ዘይወስደሉ ርግጸኛታት ኢና። ስለዚ፡ ጉዳይ ኮነ ኢልካ ምእሳርን ምቅንጻልን ምርሻንን ካልእን ኣብ ኤርትራ ሎሚ ባዕሉ ጎሊሑ ዝርአ ተርእዮን ንኽትብርብሮን ክቢድ ጻዕሪ ዝሓትት'ውን ኣይኮነን። ዲክታቶያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሎሚ ብሰንኪ'ቲ እናሓደረ ዝወድቕ ዘሎ ፖለቲካዊ ዝንኡን እናተለለየ ዝመጽእ ዘሎ ፖለቲካዊ ምስሉን፡ ኣብ ኩሉ መዳያቱ ፍሽለት እናሓፈሰ፥ ኣንፈቱ ጠፊእዎ ምእሳርን ምቕንጻልን ምርሻንን ብዝኸፍአ መልክዑ ክሰርሓሉ ክርአ ጸኒሑን ኣሎን።

ልክዕ'ዩ ገበን ዝፈጸመ ሰብ፡ እኹል ዝኾነ ጭብጥታት እንተደኣ ተረኺቡሉ፡ ግቡእ መቕጻዕቲ ክወስድ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዘይቃወሞ፡ እምነ-መሰረት ናይ ሕጊ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ብኹንዶ-ኹነለይ ኮነ እልካ ንሰብ ብጥርጠራ፡ ብዘይ ዝኾነ ደረቅ ጭብጥታት ክትኣስሮ ግን፡ ዘይሕጋውነት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዝወጻሉ ናይ ሽፍትነት ተግባር ኢዩ።
ኣብ ኤርትራ ከኣ ሎሚ እቲ ስርዓት ግሉጽ ኰይኑ፡ ኣብ ውሽጢ መዳጎኒ ማእከላቱ ሓንቲ ንጠንቂ ምእሳርን ገበናትን እሱራትን ኣትምርምር ኮሚተ ከእቱ እንተዘፍቅድ፡ 99% ናይቶም እሱራት፡ ንጹሃት እንከለዉ ብጥርጠራ ጥራይ ዓመታት ዝተኣሰሩ ኮይኖም ምተረኽቡ። ካብዚ ቀጽልና ድማ ምስ ካብ መዳጎኒ ማእከላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብዚ ቀረባ እዋን ከምልጥ ዕድል ዝረኸበ መንእሰይ ዘካየድናዮ ጽማቕ ዕላልና ነቅርበልኩም።
*ሰናይ ንባብ*

*መጀመርያ ስምካ'ዶ መላለኻና?*

ስመይ ደሓን ክዕቀበለይ መሪጸ ኣለኹ። ኣቦ ክልተ ቆልዑን ወዲ 35 ዓመት እየ። ሓረስታይን ተቀማጣይ ከባቢ ተሰነይን ከኣ ነይረ።
*ሕራይ ኣብቲ ቀንዲ ሕመረት ናይቲ ዘረባ ክንኣቱ፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝኣክል ተኣሲርካ ኔርካ። ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ንዝሰምዕ ሰብ ከኣ፡ ገበኑ ሓደገኛ እዩ ዝብል ርድኢት ኣብ ሓንጎሉ ክስቆር ግድነት ኢዩ። ኣንታይ ኢኻ ፈጺምካ ብትኽክል መብራህካልና ዶ?*
ብትኽክል ሰብ ኩሉ ግዜ እቲ ኣብ ማእሰርቲ ንኸገልግሎ ዝብየነሉ ንውሒ ግዜ ኣብ ዓይነት ናይ ዝፈጸሞ ገበን እዩ ዝምርኮስ። ኣብ ኤርትራ ግን፡ ኣብ ምንታይ ከምዝምርኮስ ኣነ ኣዝዩ ኢዩ ዝገርመኒ። ገለ ገበን ዘይገበረ፡ ልዕሊ'ቲ ገበን ዝገበረ ይእሰር፤ ኣንድዒ ሎተሪ ድዩ ዋላ እንታይ ምግላጹ የጸግመኒ ኢዩ። ናተይ ኣተኣሳስራ ምስ እንርኢ ዝገበርክዎ ገበን ብፍጹም ኣይነበረን። ክንድዚ ዓመታት'ውን ኰፍ ከብል ኢየ ኢለ ኣይገምገምኩን። ምኽንያቱ፡ መርመራ ኣካይዶም ነቲ ጉዳይ ምስ መመይዎ ናጻ ኮይነ ክጸንሕ እየ ዝብል ኣጉል እምነት ኣሕድረ ኣሕዲረ ስለዝነበርኩ ኢዩ። ኣነ ኣብ ከባቢ ተሰነይ ዝነብር ሓረስታይ ኢየ ነይረ። ናተይ ትራክተር (ሓራሲት መኪና) ነይራትኒ። ብኽራይ ሰፊሕ ቦታታት ስለዝሓርስ ከኣ፡ ኣብ ኣዋን ጻህያይ ሰራሕተኛታት የድልዩኒ። ሓደ ከረምቲ ከኣ፡ ጻህያይ እዋኑ ምስኣኸለ፡ ሽዱሽተ ሰራሕተኛታት ቆጺረ በታ ትራክተረይ ናብቲ ናብ ዶብ ሱዳን ዝቀራረብ ግራተይ ወሲደኩዎም። ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ስራሕ ኣትሓሒዘዮም፡ ማይን መግብን ከምጽኣሎም ንገዛ ተመልሰኩ። ንምሽቱ፡ ኣብቲ ግራት ምስተመለስኩ ከኣ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ኣብቲ ግራት ኣይጸንሑንን እሞ፡ ሰንቢደ ንገዛይ ተመልሰኩ። ብድሕሪ ክልተ መዓልቲ፡ ኣባላት ጸጥታ ብመኪና

ንገዛይ ብምምጻእ እቶም ንስራሕ ዝወሰድካዮም ሰባት ኣበይ ኣቢሎም ኢሎም ሓተቱኒ። ኣነ ከኣ፡ ከይሓባእኩ ኣብ'ቲ ዘብጻሕክዎም ቦታ ከምዘይጸንሑኒ ሓበርክዎም። በል፡ ተኸደን ክዳንካ ኢሎም ምስወሰዱኒ ከኣ፡ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ንመርመራ ኣቕሪቦምኒ።

**ሕራይ መርመራ ከመይ ኔሩ። ገበንካ'ኸ እንታይ እዩ ኢሎምኻ?**

ኣብ መጀመርያ መዓልቲ ንመርመራ ምስ ቀረብኩ፡ ቆርበትካ ከይጸየቕካ ኩሉ ዝገበርካዮ ምንዛዝ ይሕሽካ፤ ንሕና ኩሉ ዝገበርካዮ በጺሕናዮ ኣለና፤ ክንከታተለካ ኢና ጸኒሕና ብምባል ናብቲ ቦታይ መለሱኒ። ንጽብሒቱ ንግሆ ጸዊዖም፡ እንታይ ጌርካ? ተዳሊኻ'ዶ? በሉኒ። ኣነ ከኣ፡ ንጹህ ምኻነይ ጥራይ'የ ሓቢረዮም። እዚ ባዕሉ ምዝራብ ካብ ኣበየ ናብቲ ንፈልጦ ጥራይ ኣሰጋግሮ ክብሉ ሰማዕክዎም። እንታይ ደኣ ኢዩ እቲ ዝፈልጥዎ ኢሉ፡ ኣይፍርሂ ኣይስንባደ ኮይነ ተዳለኹ። ወዮ'ቲ ዝፈልጥዎ ከኣ፡ በትርን ኤለክትሪክን ኮይኑ ጸኒሑኒ። ንሓደ ወርሒ ዝኣክል በትሪ መቝነነይ ኮይኑ ድሕሪ ምቕጻሉ፡ ኣብ መወዳእታ ረብሪቦም ኣይምዉት ኣይስሩር ጌሮም ገዲፎምኒ። ብድሕሪኡ ናብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኣደርሰር፡ ዓዲ-ኣበይቶ፡ ገደም፡ ገልዓሎ፡ ዳህላክ ኲሉል ከብሉኒ ዓመት መመላእታ ኰይኑኒ።

**ገለ ዝተዋህበካ ፍርዲ'ኸ ኣሎ'ዶ?**

እንታይ ኢሎም ክፈርዱኒ አንተሓሰብካዮ? ፍርዲ ዝበሃል ብፍጹም የለን አምበር፡ ፍርዲኻ አንተፈሊጥካ ደኣ፡ መዓልትኻ ጥራይ ኢኻ ትቑጽር። መዳጎኒ ማእከላት ናይዞም ሸፋቱ እዚኦም፡ ብቀንጠ-መንጢ ሓንቲ ከይገበርካ፡ ብቀልል ኢዩ ዝእቶ። ሓንሳብ እንተ ኣቲኻ ግን፡ ትሕቲ ክልተ ዓመት ብውሑዱ ከይገበርካ ብፍጹም ክትወጽእ ኢልካ ምሕሳብ የለን። ዕድል አንተጌርካ ከኣ፡ ሳዋ ትወርድ። ንሱ'ውን ጽቡቕ ኣማራጺ ደኣ ኣይኹን እምበር፡ ካብ'ቲ መዳጎኒታት ብመጠኑ ይሓይሽ። ዕድል አንተረኺብካ፡ ክተምልጥ ብምፍታን ነብስኻ ባዕልኻ ትፈርዳ እምበር፡ ካብዚኦም ክትፍረድ ኢልካ ተስፋ ምግባር፡ ዕረ ዘሪእካ ምቁር ምህርቲ ክትሓፍስ ምጽባይ ይቐልል።

**ንስኻ በዓል ሓዳር ኢኻ፡ ስድራኻ ድሕሪ ምእሳርካ፡ በጺሖምኻ ዶ?**

ኣደ-ደቀይ ምስ ስድራይ ኩሎም ክርእዩኒ ፍቓድ እንተሓተቱ፡ ወድኹም ኣውቲስታ ኰይኑ ምሳና ኣብ ዓሰብ ይሰርሕ ኣሎ፤ ብጣዕሚ ጽቡቕ ኣሎ ኢሎሞም። ንዕርፍቲ ክንሰደልኩም ኢና ኣይትሻቀሉ፤ ኣብዚ ቀረባ እዋን ክመጸኩም ኢዩ እናበሉ የታልልዎም ነበሩ። ይትረፍ ዶ ክረኽቡንስ፡ ጭራም ወረቀት ኣበይ ከምዘለኹ እትሕብሮም እውን ካባይ ኣይረኸቡን።

**ኣብ መወዳእታ'ኸ ከመይ ኢልካ ደኣ ተገላገልካ?**

ሓሙሽተ ዓመታት ከም ሓሙሽተ ክፍለ-ዘመን ኣብ ማእሰርቲ ሓሊፈን። ሓንቲ ደቒቕ ኣብቲ ቦታ ክትሓልፍ መዋእል ኮይና'ያ ትርኣየካ። ሓሙሽተ ዓመት ምስ ገበርኩ፡ ናብ መንደፈራ ኣብ ሓንቲ ምምሕዳር እያ ዝበሉና፡ ግን ድሒርና መንበሪ ቪላ ናይ ሓደ ተጋደላይ ምኻና ዘረጋገጽናያ፡ ንኽንሰርሕ ወሰዱና። ኣብኡ ንነዊሕ ግዜ ዝተኣሰርና ዓሰርተ ሰባት ኔርና። ኣርባዕተ ወርሒ ምስ ሰራሕና ከኣ፡ ኣነ ዕድል ረኺበ ኣምሊጠ፡ ድሕሪ ናይ ሰሙን ጉዕዞ ንሱዳን ኣተኹ።

**ካብ ኢዶም ብምምላጥካ እንታይ ይስመዓካ?**

ኣነ ብዘይ ምግናን፡ ካብቲ ዝነበርክዎ ኩነታት ብምምላጠይ፡ ብልክዕ ካልኣይ ግዜ ዝተፈጠርኩ ኮይነ ተሰምዑኒ። ኣብኡ ዝነበረ ግፍዕን ስቓይን መዳርግቲ የብሉን።

**ስደት አሞ ከመይ ረኺብካዮ?**

ስደት ደኣ ኣጸቢቑ ካብ ዓዲ ይሓይሽ። ዓዲ እኳ፡ ዓዲ ዝበሃል ናትካ ስለዝኾነ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብኽሉንትትኑኡ ንኽትነብረሉ ልዕሊ ካልእ ቦታ ዝመቾአ ምስዝኸውን ኢዩ። ሎሚ ግን፡ ብሰንኪ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝገብሮ ዘሎ ተግባራትን ዘይፍትሓዊ ኣካይዳን፡ ስደት ካብ ዓዲ ኣዝዩ ዝመቾአ ኮይኑ'ዩ ተረኺቡ ዘሎ።

**ኣብ መወዳእታ ክትብሎ ትደሊ አንታይ ኣሎ?**

ኣነ ነቶም ኣብ መዳጎኒ ማእከላት ብዘይ ፍርዲ ንዓመታት ዝሳቐዩ ዘለዉ ንጹሃት ኣሕዋተይ፡ ከምዚ ናተይ መገላገሊ ክፈጥረሎም ጥራይ ኢየ ለይትን መዓልትን ሃንቀው ዝብል።

የቐንየለይ።

መግለጺ ኣቕሪቡ።

# ዜናዊ ጽብጻብ

## ውድባዊ ንጥፈታት

### 1. መበል 46 ዓመት በዓል ባሕቲ መስከረም ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ተጸንቢሉ

ብጨንፈር ፍራንክፎርት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ዞባ ጀርመን ዝተዳለወ መበል 46 ዓመት ጽንብል ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ <ባሕቲ መስከረም ምልክት ጽንዓትን ባና ነጻነትን ኢያ> ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ብዕለት 01 መስከረም 2007 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ብክብ ዝበለ ተሳትፎ ህዝቢ ደሚቑ ሓዲሩ። በዓል ባሕቲ መስከረም ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጹ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን መሰረታት ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶን ዕዱማት ኣጋይሽን መብዝሕትኦም ድማ መንእሰያት ዝተሳተፍዎ በዓል ኢዩ ነይሩ።

ብጻይ ኣፈወርቂ ኣባይ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ፍራንክፎርት፡ ዕላማ ናይቲ ዝተዳለወ ጽንብልን ናይ እንኳዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽቱን ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ መድረኽ ንብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ከምዝርከብ ገበረ። ብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይ፡ ዕላማን መበገስን ባሕቲ መስከረም፡ መሪሕ ተራ ጅግና ስዉእ እድሪስ ሓምድ ዓዋተ ኣብ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናጽነት ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝተኸፍለ መስዋእትን፡ ድሕሪ 1991 ዓ.ም ኣብ ሃገርና ዘሎ ምሕደራ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝፈጠሮ ኩሉ መዳያዊ ሽግራትን ብርሰትን ተነጽሎን፡ ሕድሪ ስዉኣትና ንምሕላውን ንምርግጋጽን ገና ዝጸበየና ዘሎ መስርሕ ናይ ቃልስን ብድሆታትን ንምግጣም፡ ናይ ቃልሲ መብጻዓ እነሓድሰሉ ማዓልቲ ምዃኑን ዘረጋግጽ ድሕሪ ዝቐረበ መግለጺ፡ ባሕቲ መስከረም ብህያው ምስክርነታን፡ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኣባሪራ ኣብ ሃገርናን ህዝባን ዘሕደረቶ መስተርሆ ነጻነትን ዝሰዓበ ጥልመታትን፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ዝሕተት መድረኻውን ንርሑቕ ዝጠመተ ተራን ግቡእን፡ ሞራልን ወንን ናይ ቃልሲ ዘላዓዕል ግጥምታት ብጻይ ኣፈወርቂ ኣባይን መሓሪ ተኽስተን ድማ ቀልብን መነባብሮን ኤርትራዊ ዜጋ ዝተንከፈ ስለዝነበረ ንተሳተፍቲ በዓል ኣዝዩ ካብዝመሰጦም ምንባሩ ብዘስምዕዎ ጥቕዒት ክግለጽን ክምዘንን ዝካኣል ነይሩ።

ካብዚ ቀጺሉ፡ ብብጻይ ባህልቢ ክፍሉ ዝቐረቡ ንሓፈሻዊ ኣፍልጦ ክሕግዙ ዝኽእሉ ናይ መጀመርታ ጥይት ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ዝተተኰሰትላ ቦታ እንታይ ትባሃል? ናይ መጀመርታ ስዉእ ብረታዊ ተጋድሎና መን ይባሃል? ንመጀመርታ ግዜ ኣባል መሪሕነት ኲይና ዝተመርጸት ተጋዳሊት መን ትባሃል? ሓድሽ ዝተመርጸ ዋና ጻሓፊ ሕቡራት ሃገራት መን ኢዩ ስሙ? ካብ 54 ሃገራት ኣፍሪቓ ቀዋም ዘይብላ ሃገር መን ኢያ? ስለምንታይ ከ? ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሓያሎይ ኤርትራውን ኣህጉራውን ሕቶታትን ብተሳተፍቲ በዓል ዝፍጸሙ ተግባራዊ መዘናግዒታትን ዋዛ ምስ-ቀምነገራትን ዝሓዙ መልእኽትታት ንተሳተፍቲ በዓል ቀሪቦም፡ ብውድድር ንዝተዓወቱ ከኣ መተባብዒ ብልጫታት ተዋሂቡ።

ስዒቡ እቲ በዓል፡ ብኢዮብ ሃይለን፡ ኑረዲን ማሕሙድን፡ ቴድሮስን ዝተባህሉ ወናማት ኣባላት ባህሊ ብዘዳለዉዎ ሰውራውን ዘመናውን ሙዚቓ ተሰንዩ ደሚቑን ማዕሪጉን ምሕዳሩ ተረጋጊጹ።

### 2. ኣኼባ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ

## ክሰላ

ብ7 መስከረም 2007 ብጳይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት፥ ብጳይ ዑስማን ኣሕመድ፡ ተጠባባቒ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ዝመርሕዎ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝወሰደ ኣኼባ ምስ ካድራት ውድብን ኣባላት ውጉኣት ሓርነትን መሰረታት ጨንፈር ከሰላን ኣካይዶም። ኣጀንዳ ኣኼባ፡ ውጽኢት ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባን ህልዊ ምዕባለታትን ንምግላጽ ኢዩ ነይሩ።

ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዝምልከት፡ እቲ ኣብ 2ይ ጉባኤ ኪዳን ዘጋጠመ ምግምጋዕ ንህዝብና ዘሰንበደን ንክብደት ደምበ ተቓውሞ ዘፍኰሰን ተረኺቦ ምንባሩ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተዋሃሂዱ ክሰርሓሉ ዝኽእል ባይታ ከምዘሎ ብጳይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ኣረዲኡ።

ብጉዳይ ዶብ ኣመልኪቱ፡ ክልቲኦም መንግስታት ነቲ ቀያድን ናይ መወዳእታን ዝኾነ ብይን ኮሚሽን ዶብ ክቕበሉን፡ ነዚ ተግባራዊ ኣብ ምግባር ኣብ መኣዲ ዘተ ኮፍ ክብሉ ተዳላዪነት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ብዝምልከት ድማ፡ እቲ ቀዳማይ ናይ ድህሰሳን ምልዕዓልን መድረኽ ተዛዚሙ፡ ናብ'ቲ ካልኣይ መድረኽ ናይ ምቛም ኮሚሽን ተሰጋጊሩ ምህላዉን፤ ነዚ ዕማም'ዚ ንምዕዋት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብዘለዎ ዓቕሚ ክዋሳእ ምኳኑ ሓቢሩ።

ተጋዳላይ ዑስማን ኣሕመድ ብሸነኹ፡ ጉዳይ ኪዳን ብዝምልከት፡ ሰውራዊ ባይቶ ዝሓለፉ ጌጋታት ዘይደግም፡ ኣብ ንጹር ባይታ ዝተሰረተ ክኸውን ከምዘለዎ'ዩ ወሲኑ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ኣብ'ቲ ሰፊሕ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ንምምስራት ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት፡ ናይ ምጽንባር ድሌት ዘለዎም ናጻ ዝኾኑ ዜጋታት፡ ኣብ'ቲ ዝቐውም ኮሚሽን ርእይቶን ልዑልን ተሳትፎ ክህልዎም ምኳኑ ኣረጋጊጹ።

ኣኼበኛታት፡ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ኣጀንዳ ብዕምቈት ድሕሪ ምክታዕ፡ ደንበ ተቓውሞ ሓቢሩ ዝሰርሓሉ ኩነታት ንምዕዋት ውድብና ዝጻወቶ ዘሎ ሃናጽን ጥንቁቕን ግደ ንኢዶም። ኣተሓሕዛ መሪሕነት ውድብ፡ ንኹሉ ጉዳያት ዝምጉስ ምኻኑን፤ በዚ ኣገባብ ክቕጽል ከምዘለዎን ድማ ተላብዮም።

### 3. ሰፊሕ ህዝቢ ዝሰረቱ ሰልፊ ንምምስራት፡ ኮሚሽን ምቛሙ ተገሊጹ

ካብ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከም እተሓበረ፡ እቲ ንኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን፡ ካልኦት ባእታታትን ጉጅለታትን (እንተተኻእለ ከኣ ውድባትን) ብዘይ ሌላን-ጉሌላን ዝጥርንፍ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ 2008 ክምስረትን ኣብ መስራቲ ጉባኤ ከብጽሕን ትጽቢት ዝግበሮ ኮሚሽን፡ ካብ ግዱሳት ፍቓደኛታት ኤርትራውን ከም ዝቐመ ብ7 ጥቅምቲ 2007 ዝወጸ መግለጺ ኣረጋጊጹ።

እቲ መግለጺ ከም ዝሓበሮ፡ ናይ ምምስራት ሰልፊ ኮሚሽን ክሳዕ 49 ዝኾኑ ኣባላት ክህልውዎ ኢዮም። ድሕሪ ጊዜ ዝወሰደ መጽናዕትን ምምኻራትን፡ ድሮ 39 ዝኾኑ ኣባላት ኮሚሽን ስርሖም ንምጅማር ቅሩባት ከም ዘለዉ ተፈሊጡ። እቲ ዝቖመ ኮሚሽን ኣርባዕተ ሽማግለታት፣ ማለት፡ ናይ ሰነዳትን፡ ስርዒታዊ ጉዳያትን፡ ናይ ዜናን ናይ ገንዘብን ሽማግለታት ኣለውዎ።

ናይ'ቲ ኮሚሽን ኣቦ መንበር ኣብ ኣውስትራልያ ዝቕመጥ ኣቶ ሃይለ ገብሩ ከም ዝኾነ ተገሊጹ። ምኽትል ኣቦ መንበር ኮሚሽንን ናይ ሰነዳት ሽማግለ ሓላፍን ከኣ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝቕመጥ ዶክቶር ገብረመስቀል ገብረማርያም ምኳኑ ተፈሊጡ።


ኣቶ ሃይለ ገብሩ


ዶክ/ ገብረመስቀል ገ/ማርያም

ከምኡ'ውን ናይቲ ኮሚሽን ናይ ዜና ሸማግለ ኣደ መንበር፡ ኣብ ሃገር ጀርመን እትቕመጥ ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረጻድቕ ምኻና ተሓቢሩ። ኣብ ሃገር ሱዳን ዝቕመጥ ኣቶ ሑመድ መሓመድ ኣቦ መንበር ናይ ገንዘባዊት ሽማግለ ናይቲ ኮሚሽን ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ዝቕመጥ ኣቶ ኣማኑኤል ሃብተ (መንግስቱ) ከኣ ናይቲ ኮሚሽን ናይ ስርዒታዊ ጉዳያት ሽማግለ ኣቦ መንበር ኢዩ።

ምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣቶ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኮሚሽን ምቓም ሰልፍን ኣብ መንጎ መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ክህሉ ዝኽእል ናይ ስራሕ ርኽክብ ኣዋሃህዲ ክኸውን ተመዲቡ ኣሎ።

እቶም ኣብ ሓያለይ እተፈላለየ ቦታታት ዝቕመጡ ኣባላት ናይቲ ኮሚሽን ንእተዋህበም ስርሓት ንምስላጥ ኩሉ ዘሎ ዘመናዊ መራኸቢታት ክጥቀሙን፡ ኣብ ሓያለይ ከባቢታት ከም ኲነታቱ ንኡስ ሽማግለታት ኣቑሞም ክነጥፉ ምኻኖምን ተሓቢሩ።

ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ኣባላት ሓደ ውድብ ዘይተሓጽረ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ናይ ምቛም መስርሕ፡ ብመሰረት እቲ ቅድሚ ሓደ ዓመት እተገብረ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተበጽሐ ውሳኔ ኢዩ።

ካብቲ ጊዜ'ቲ ጀሚሩ፡ ናይ ድህሰሳን ሓበረታን መስርሕ ብ13 ናይ ድህሰሳን ሓበሬታን ሽማግለታትን፡ ዞናዊ ንኡሳን ጉጅለታትን ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡዎ ቦታታት መላእ ዓለም ተኻይዱ። ውጽኢቱ ከኣ እቲ ሕጂ ዝእወጅ ዘሎ ምምስራት ሓባራዊ ኮሚሽን ምቛም ሰልፊ ኢዩ።

ብሓያሎ ጊዜ ዝወሰደ መጽናዕቲ ዝቐረበ ናይ ሰልፊ ስነ-ሓሳብን መደብ ዕዮን ሰነዳት፡ ከምኡውን ብሕጂ ዝንደፍ ቅዋምን፡ በታ ቈይማ ዘላ ኮሚሽን ደቂቕ ፍተሻን ምምሕያሽን ክግበረሉ ትጽቢት ኣሎ። ኮሚሽን ምቛም ሰልፊ፡ ስርሓታ ኣብ ምስላጥ፡ ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ዓለም ሰሚናራትን፡ ናይቶም ኣባላት ሰልፊ ክኾኑ ዝውስኑ ሰፊሕ ኣኼባታትን (ኮንፈረንሳት) ከተካይድ ምኻና ተሓቢሩ።

## 4. መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ፕረዚደንት ክልል ትግራይ ብምርኻብ ብዛዕባ ምምሕያሽ ርክብ ኈረባብቲ ኣህዛብ ተዘራሪቦም

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣብ መቐለን ምስ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ክልል ትግራይ ብምርኻብ ብጕዳይ ኣድላይነት ምምሕያሽ ሕውነታዊ ርክብ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብፍላይ ከኣ ብጕዳይ እቲ ብዘምባል ፓሊሲታትን ተግባራትን ብዱዕ ስርዓት ህግደፍ ዝሓርፈፈ ርክብ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን፡ ጽዑቕን ሃናጽን ምይይጥ ኣካይዶም። ኣብቲ ብኣቦ መንበር ውድብ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝምራሕ ልሀኽ ተኻፊልቲ ዝነበሩ፡ ብጾት ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምክትል ኣቦ መንበር ውድብን፡ ናይ ዜናን ባህልን ሓላፊ ብጻይ መንግስትኣብ ኣስመሮምን ||ዮም። እቲ ቀዳማይ ርክብ ብ10 ጥቅምቲ 2007 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ፣ ብወገን ኢትዮጵያ ከኣ ክቡር ኣቶ ጸጋይ በርሀ፡ ፕረሲደንት ክልል ትግራይ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ፓለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ክልልን፡ ኣባላት ፈደራላዊ መንግስትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ፡ ኣቦ መንበር ውድብን ብጾቱን ነዚ ናይ ርክብ ዕድል ብምርካቦም ድሕሪ ምምስጋን፣ ክልላዊ መንግስትን ህዝብን ትግራይ፡ ነቶም ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣምሊጦም ናብ ኢትዮጵያ ዝዕቈቡ ዘለዉ

ኤርትራውያን ኣብ ምቕባልን፡ ዑቕባ ኣብ ምኚንን ዘበርክትዎ ዘሎዉ ሕውነታዊ ኣገልግሎት ብህዝቢ ኤርትራ ዝምጕስ ምኚኑ ገሊጾም። ኣውራ ከኣ እቲ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ብፍሉይ ከኣ ምስ ህዝቢ ትግራይ ክህሉ ዘለዎ ዝምድና ዲፕሎማስያዊ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓባራዊ ስትራተጂያዊ ረብሓታት ዘትኮረ፣ ንሰላምን ሕውነትን ዘቐድመ ክኸውን እምነትን ድልየትን ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምኚኑ በብተራ ኣዕሚቕም ኣስሚሮምሉ። ከምኡ'ውን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ስልጣን ክቕጽል ኣብ መንጎ ኤርትራን ዞትዮጵያን ጽልእን ቅርሕንትን ክህሉ ይቃለስ ብምህላዉ፡ ፍቕርን ስኒትን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ምስ ዝሰፍን ግን ዕምሪ ህግደፍ ክሓጽር ምኚኑ ገሊጾም።

ነቲ መልእኽትን መደባትን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብሩህ ንምግባር ከኣ፡ ልኡኽ ውድብ ካብ ውሳኔታት 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ነሓሰ 2007 ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ጠቒሱ፤

1. ምስ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ዘሎና ዝምድና፡ ብባህሪኡ ናይ ክልተ ሓው ህዝብታት ዝምድና ብምኚኑ፡ ኣብ ስትራተጂያዊ ጉዳያት ዘትኮረ፣ ንነባሪ ሰላም ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ሰረት ዝኸውን፣ ምሕዝነት ንኸፍጠር ኩሉ ዝከኣል ጸዓታት ምክያድ።

2. ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሓው ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ፣ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ድማ ብፍላይ፣ ክህሉ ንዝግባእ ሕውነትን ምክብባርን ሰላማዊ ዝምድናን ዝዘርግ፡ ትምክሕታዊ ኣረኣእያታትን ወፈራታትን ስርዓት ህግደፍ ቀጻሊ ምህላዉ ብምርኣይ፡ ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ብቕርሕንትን ብብድዐን ዝተዓብለለ ድሑር ጠባይ ህግደፍ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብትሪ ክኹንኖ ምልዕዓላት ክካየድን፡ ብትሪ ክምከትን ወሲኑ።

3. ነቲ ብፍላይ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ዘሎ ፍሉይ ዝምድና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ ህዝቢ ትግራይን ናይ ትግራይ ቦታዊ መንግስትን፡ ዕምቈት ዘለዎ ዝምድናታት ንምፍጣር፡ ፈጻሚ ሽማግለ ዕቱብን ቀጻልን ጸዓታት ከካይድ ሓቢሩ።

4. ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ዓለም ምስ ዝርከቡ ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ፡ ናይ ትግራይ ማሕበረ ሰባት ድማ ብፍላይ፡ ንስትራተጅያዊ ዝምድና ክልቲኡ ህዝብታት ዘንጸባርቕ፡ ርኽክብን ምትሕብባርን ምክያድ። በዚ ኣቢልካ ድማ፡ ንትምክሕታዊ ወፈራታት ስርዓት ህግደፍ ብተግባር ምስዓሩ።

5. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ጐረባብቲ ሃገራት፣ ኣብ ሶማል፤ ኣብ ኢትዮጵያ ከምኡውን ኣብ ሱዳን፡ ጣልቃ ብምእታው ዝፈጥሮ ዘሎ ኣዕናዊ ፖሊሲታት ብምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ክኹነንን ክምከትን ከም ዘለዎ ወሲኑ።

ገልጽኦም ብምቕጻል፡ ብጾት ኣባላት ልኡኽ ውድብ ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ተረድኦን ዕላማን ንምትግባር፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብዘሎዎ ዜናውን ዲፕሎማሲያውን ህዝባውን ዓቕምታት ክዋሳኣሉ ምኚኑ ኣረጋጊዞም። ልኡኽ ውድብ ብጕዳይ ኣብ ኢትዮጵያ ዑቝባ ወሲዶም ዘሎዉ ኤርትራውያን ስደተኛታትን፣ ብጕዳይ እቶም ካብ 400,000 ዘይውሕዱ ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ኤርትራውያንን ናይ ኤርትራ መበቈል ዘሎዎም ኢትዮጵያውያንን ጠቒሱ'ውን፡ ምስ እተራኸቦም ሰበ-ስልጣን ርእይቶታትን ሓሳባትን ተለዋዊጡ፤ ነቲ ካብ ክልላዊ ምምሕዳርን ፌደራላዊ መንግስትን ዝጥለብ ምትሕብባር እውን ጠቒሱ። ኣብ ትግራይ ይኹን ኣብ ካልእ ክፍልታት ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ከይፈርሑን ከይተሰከፉን ኣብ ኣኼባታትን ንጥፈታት ናይ ተቓውሞ ውድባት ክሳተፉ ምሉእ ፍቓድ ክህልዎም ከም

ዝግባእ መሪሕነታዊ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጠሊቡ። ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ መደበር ስደተኛታት ዝነብሩ ኣሽሓት መንእሰያት ኵነታቶም ዝዕረየሉ መንገዲ ብኢትዮጵያን ብናይ ዓለም ገበርቲ ሰናይን ክጽናዕ፣ ናይ ትምህርትን ስራሕን ዕድላት'ውን ከይተረፈ ክሕሰበሎም ከም ዝግባእ ብጻይ ኣቦ

መንበር ውድብን ብጾቱን መግለጺታቶም ጠቒሶም።

ክቡር ፕረዚደንት ጸጋይ በርሀ ብወገኑ ንሰውራዊ ባይቶ በቲ ዝወሰዶ ውሳኔታትን ኣብ ምትግባሩ ዝጀምሮ ዘሎ ንጥፈታትን ኣድኒቑ፤ ነቲ ተበግሶ ብምሉእ ልቡ ከም ዝድግፎን፡ ክዕወት ዝኽእል "ዓቢ ሓሳብ" ምዃኑን ገሊጹ። ብሸነኽ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እውን፡ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ዝምድና በደረጃ ርክክብ ህዝቢ ንኽመሓየሽ ክሕስበሉን ክሰርሓሉን ከም ዝጸንሐ ገሊጹ። እቲ ዘገድስ ቅኑዕ ሓሳብ ምውናን ኢዩ፤ ቅኑዕ ሓሳብ ኣንተሎ ድማ፡ ዋላ'ውን ኣብ መጀመርያኡ ብውሑዳት ይጀመር፡ ኣብ መወዳእታኡ ክዕወት ይኽእል ኢዩ በለ። ብተወሳኺ ሕውነት ህዝቢ ኢይትዮጵያን ኤርትራን፡ ብፍላይ ከኣ፡ ሕውነት ህዝቢ ትግራይን ኤርትራን፡ ታሪኻውን ዘላቕን ስለዝኾነ፡ ብሓላፊ ስርዓታት ከይጉዳእ ምጥንቃቕ ናይ ኩልና ሓላፍነት ኢዩ ድሕሪ ምባል፤ ብወገን ምምሕዳር ክልል ትግራይ፡ ነቲ ሕውነትን ሓባራዊ ጥቕምታትን ንምሕላው ክጽዕቱ ከም ዝጸንሑን፥ ጽዓታቶም ቀጻሊ ክኸውን ምዃኑን ሓቢሩ።

ብርእይቶ ኣቶ ጸጋይ፡ እቲ ናይ ህዝቢ ብህዝቢ ርክብ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ማሕበረ-ኮማት ይኹን ካልእ በርገሳዊ ማሕበራት ክጀመርን ክጥጥዕን ከም ዝኽእል፡ ነዚ ከኣ ፓለቲካዊ ውድባት ይኹን መንግስታዊ ትካላት ክሕግዝን ከተባብዕን ከም ዝግባእን ከም ዝከኣልን ገሊጹ። ብወገን ክልል ትግራይ በዚ ጉዳይ'ዚ ምሉእ ምትሕብባር ክግበር ከም ዝከኣል ቃል ኣትዩ።

ብዛዕባ እቶም ካብ ስርዓት ኢሳያስ ሃዲሞም ኣብ ኢትዮጵያ ዑቕባ እተዋህቦም ስደተኛታት ከኣ ምምሕዳር ክልል ትግራይን ፌደራላዊ መንግስትን ዕቱብ መጽናዕቲ ክገብረሉ ምዃኖምን፡ ሓያለይ ካብቲ ዘሎ ጸገማት መንእሰያት ስደተኛታትን ክፍታሕ ዝኽእል ምዃኑን ኣቶ ጸጋይ በርሀ ተስፋ ብዝህብ ኣቀራርባ ሓቢሩ። ከምኡ'ውን ኣብ ትግራይን ኣብ ካልእ ክልላት ኢትዮጵያን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ምዩቕ ከይበሉ ኣብ ኢትዮጵያ ዝሰርሑሉን ዝቕመጡሉን ሃዋህው ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን እናተመዓራረየ ከምዝመጸን፡ ዝያዳ ክመሓየሽ ጽዓታት ቀጻሊ ምህላዉን ሓው ጸጋይ በርሀን ኣብ ኣኼባ እተሳተፉ ብጾቱን ብግሉጽነት ሓቢሮም።

ላዕለዋይ ልኡኽ ውድብ ካብ 11 ጥቅምቲ 2007 ጀሚሩ ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ንዝገበሮ ዑደት ቅድሚ ምዝዛም ብ17 ጥቅምቲ 2007 ኣብ ከተማ መቐለ ምስ ኣቶ ተድሮስ ሓጐስ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ክልል ትግራይን ውድብ ህወሓትን (ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ) ተራኺቡ ነቲ እተጀመረ ርክብን ሃናጺ ምይይጣትን ቀጺሉዎ። ብጾት ወልደሱስ ዓማርን፡ ተስፋይ ደጊጋን፡ መሓመድ ዓሊ |ብራሂምን (ናይ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤት/ጽ ሓላፊ) ነቲ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባን ካልእ ቦታታት ክልል ትግራይን እተዓዘብዎ ኩነታት ኤርትራውያን ጠቒሶም መግለጽን ርእይቶን ሂቦም። ከምኡ'ውን ብጉዳይ እቲ ኣብ ኣኼባ ኣዲስ ኣበባ (ኣብ ህላዌ ኣቶ ጸጋይ በርሀ) እተጠቕሰ ናይ ዝምድና ህዝብታትና ምምሕያሽ መደብ ብሰፊሑ ተመያይጦም። ሓው ተድሮስ ሓጐስ፡ እቲ ብመሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ ኣዝዩ ኣድላይን ናይ ኩሉ ምትሕብባር ዝሓትትን ምዃኑ ገሊጹ። ንሕውነታዊ ርኽክብ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ምጽያቕ ዓቢ ግደ እተጻወተን ዝጻወት ዘሎን ስርዓት ህግደፍ፡ ጌና መጋበርያታቱ ብምስዓድ ነቲ ምጥርጣራት ከዕምቖ ጻዕሪ የካይድ ኣኳ እንተሃለወ፡ ነዚ ጊዚያዊ ማሕለኻታት ሰጊርና ነቲ ዝድለ ሕውነትን ምትእምማንን ከነረጋግጾ ይግብኣና ኢሉ። ነዚ ብሰውራዊ ባይቶ እተበገሰ መደብ ኣብ ምስፋሕ፡ ፖለቲካውን ዜናውን ተካላት ክልል ትግራይ ግዲኡ ክጻወት ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

## 5. ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ መደበር ኣሃዱታት ሰራዊት ዑደት ኣካይዱ

ኣቦ መንበር ውድብ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብ13 ጥቅምቲ 2007፡

ኣብ ሓደ መደበር ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዑደት ብምግባር ኲነታቶም ብቐረባ ተዓዚቡ፤ ሓያለይ ሰዓታት ዝወሰደ ናይ ሰፊሕ ገለጻን ምይይጥን መድረኽ እውን ከፊቱሎም። ኣብዚ ኣገዳሲ መሪሕነታዊ ዑደት እተኻፈሉ ብጾት፡ ኣቦ መንበር ውድብ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፤ ምክትል ኣቦ መንበር ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን፡ ሓላፊ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤት ጽሕፈት፡ ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ነበሩ። ኣባላት መሪሕነት



ውድብ ኣብ መደበር ስዉእ ሓሰን ጀውሃር (ሓሰን ኣል-ዓፈሪ) ምስ በጽሑ፡ ናይ መደበር ሓላፊ ዝኾነ ገዲም ተጋዳላይ ሙሳ ጋይድን ብጾቱን ምዉቕ ኣቀባብላ ገይሮምሎም።

ድሕሪ እዋን ቊርስን ኣብ ጒጅለታት እተኻየደ ወግዕን፡ ሓፈሻዊ ሰሚናር ብቓል ብጻይ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ተኸፊቱ። ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ ዘሎናሉ መዋእል ዝግበር ቓልሲ ኣዝዩ ዕዙዝ ጽንዓትን ተወፋይነትን ዝሓትት ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣሃዱታት ወተሃደራዊ ክፍሊ ነቲ እተዋህበን ናይ ሓበሬታን ምልዕዓልን መደባት ኣብ ከባብን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ምስ ዝርከቡ ሃገራውያን፡ ተሓባቢረን ይደፍኣሉ ምህላወን ገሊጹ። እቲ ብኣቦ መንበርን ምክትል ኣቦ መንበርን ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝግበር ዘሎ ዑደት ከኣ ንምሕዳስ ተወፋይነት ኣሃዱታት ሰራዊት ሓጋዚ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር ድማ ንኣቦ መንበር ውድብ ናብ መድረኽ ዓዲሙ።

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣብ ማእከል ጽንዓት ኣባላት ኣሃዱ ሰራዊት ሓርነት ብምርካቡ ሓጐስ ከም እተሰምዖ ድሕሪ ምግላጽ፡ እዚ ኣሃዱታት እዚ ሓበንን ኣገዳሲ ዓንዲ ማእከል ውድብን ምዃኑ ጠቒሱ፡ ሰላምታ እቲ ብልቢ ዝናፍቖም ኣባል ምሉእ ውድብ ክቕበሉ እውን ሓቲቱ።

ኣቦ መንበር ውድብ ከም ዘብርሆ፡ ሓደ ካብ ዕላማታት ህላዌ ናይ ዕጡቕ ኣሃዱታት ተቓውሞ፡ ንህዝቢ ኣላዒልካ ነቲ ስርዓት ብህዝባዊ ናዕቢ ምስዓር ኢዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ድሕሪ ሓርነት ሃገር፡ ብረታዊ ቓልሲ ከም ዘብቐዐ ኣሚኑ ንዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ብሰላማዊ ቓልሲ ከምጽእ ተቓሊሱ። እቲ እተመርጸ ኣገባብ ቓልሲ ብቐሊሉ ከስጒም ስለዘይከኣለ ከኣ ብውሳኔ ጉባኤን መሪሕነት ውድብን መሰረት "ንብሰ-ምክልኻሉ ዘዕቀበ ናይ ምልዕዓልን ፓለቲካዊ ፕሮፓጋንዳን ኣሃዱታት" ከም ዝቐውም ተገይሩ። ኣቦ መንበር ውድብ ብጻይ ወልደሱስ ከም ዝገለጾ፡ ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ነቲ እተዋህቦም መደብ ብተኣማንነት ይቕጽሉ ብምህላዎም ብስም መሪሕነትን መሰረታትን ውድብ መጒሱ ገሊጹ። ቀጺሉ'ውን ንህልዊ ኲነታት ህዝቢ ኤርትራን፡ ንሃለዋት ተቓውሞ ውድባትን ንዘተኣማምን ጒዕዞ ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ብሰፊሑ ተንቲኑ።

ቀጺሉ፡ ምክትል ኣቦ መንበር፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ኣብ ናይ ቓልሲ ህይወቱ እንደጌና ኣብ መንጎ " ንብሰ-ምክልኻሎም ዘዕቐቡ" ብጾት ክርከብ ብምኽኣሉ ሓበን እተሰምዖ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ቓልሲ ብሓቦ እተዓጥቀ ተቓለስቲ ህይወት ከም ዝረክብን፡ ኣብቲ ዘይተርፍ ዓወት ከም ዝበጽሕን ኣረጋጊጹ።

ብጻይ ተስፋይ፡ ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ዕቱብ ናይ ቓልስን ናይ ዓወትን መንገዲ ይምርሽ ከም ዘሎ ኣመልኪቱ ብጒዳይ ጒዕዞ ሓድነትን ምቛም ህዝባዊ ሰልፍን ኣስፊሑ ገሊጹ። ኣብ ኣባላት ውድብ ጥራይ ዘይተሓጽረ ሰፊሕ ሰልፊ ምምስራት ብመሰረት ውሳነ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ክዕመም

ካብ ዝጅምር፡ ቀዳማይ መድርኽ ሓበሬታን ድህሰሳን ከም እተሰግረ፡ ካልኣይ መድረኽ ድማ ብምቛም ናይ ምምሳት ሰልፊ ኮሚሽን ጀሚሩ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ብድሕር'ዚ፡ ኣብ መደበር ስዉእ ሓሰን እተረኽቡ ሓለፍትን መሰረታትን ኣባላት ኣሃዱታት ሓደ ብሓደ ርእይቶታቶምን ሕቶታቶምን ንመሪሕነት ኣቕሪቦም። ሕቶ ሓድነት ወተሃደራዊ ትካላት ናይ ተቓውሞ ውድባት ሓደ ካብቲ ተደጋጊሙ እተላዕለ ኣርእስትታት ነበረ። ኣባላት መሪሕነት ከኣ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብዓንተብኡ ኣትሒዙ ንህላዌ ፓለቲካዊ ብዙሕነት እናደገፈ



ንወተሃደራዊ ብዙሕነት ብትሪ ከም ዝቃወምን ሓድነት ናይ ተቓውሞ ሰራዊት ከምዝድግፍን ኣረጋጊጾም።

መብዝሕትኦም ተኻፈልቲ ኣኼባ፡ መንእሰያት ብምዃኖም፡ ሓያሎ ካብኦም እውን፡ ኣብ ሰራዊትን ትካላትን ዲክታቶራዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተሳቐዩን ሕማቕ ዝረኣዩን ብምንባሮም፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዓስኪሩ ዘሎ ጋኔን ስርዓት ኣጸቢቖም ዝፈልጡን ዝተንትኑን ኢዮም ነይሮም። ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣብ ትሕቲ ኩሉ ጽንኩር ኩነታት፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዘይሕለል ቃልሲ ክምክትዎ ምዃኖም ኣረጋጊጾም። ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ድማ፡ ከምቲ ኣብ መዋእል ናጽነታዊ ተጋድሎ ዝነበረ፡ ንገዛእ ርእሶም ብሳንታት ብምጽውዋዕ ንጸላኢኦም ከደናግር ዝኽእል ስያመታት ክህቡ እንክለው፡ ነዚ ሓዲሽ መዋእል ቃልሶም የንጸባርቕ።

ኣብ መንጎ እዞም መንእሰያትን ናይ ቃልሲ ፍናን ኣሓደስቲን ዝኾኑ ተጋደልቲ፡ ካብቶም ካብ ስሳታትን ሰብዓታትን ጀሚሮም ኣብ ቃልሲ ዝነበሩ ብጾት ይርከብዎም። ኣስማቶም ንሓያለይ ኣንበብቲ ትዝ ክብሎም ይኽእል፡- ብዓል ዒሳ መሓመድ፡ ሙሳ ጋይድ፡ በርሀ ኪዳነ (ብሪጌድ 64 - ደንካልያ)፡ ያሲን ሁመድ መሓመድ (ኣባል ሰራዊትን ካድር ሓረስቶትን ዝነበረ)፡ ሳዓድ እድሪስ ዓዋተ (ብሪጌድ 64)፡ ኢያሱ ይስሓቅ (ማንጆስ ብግሪጌድ 69) ወዘተ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ብስለት ናይ ፖሊቲካውን ወተሃድራውን ተመክሮኦም ከንጸባረቕ እንከሎ፡ ውሕስነት ዓወት ናይ ቃልስና ጐሊሁ የንጸባርቕ። ቀጺልና ንኣንበብቲ ምስ ክልተ ብጾት፡ ማለት ምስ ናይ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤት ጽሕፈት ሓላፍን፡ ምስ ሓላፊ መደበር ስዉእ ሓሰን ኣል-ዓፈሪን ከነፋልጥ መሪጽና።

**መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም**

ወዲ 17 ዓመት እንከሎ ብ1968 ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ (ካልኣይቲ ክፍሊ) እተሰለፈ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓደ ካቶም ዕጥቆም ከይፈትሑ ክሳዕ ሎሚ ዝቃለሱ ዘሎዉ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ኢዩ። ኣብ መጀመርያ ሰብዓታት ከም ሓኪም ኣገልጊሉ። ካብ 1973 ጀሚሩ ንሰለስተ ዓመት ኮሚሽነር ነይሩ። ምስ ውድብ ሓርነት ፍልስጥኤም፡ ኣብ ሱርያ ናይ ሓደ ዓመት ወተሃደራዊ ትምህርቲ ድሕሪ ምውሳዱ ድማ፡ ካብ መወዳእታ 1976 ጀሚሩ መራሕ እተፈላለያ በጠልዮኒታት ነይሩ። ኣብ ግዜ ቅልውላዉ ራሳይ ናይ 1982፡ ኣባል ጊዚያዊት ሽማግለ ሰራዊት ሓርነት ኰይኑ ኣገልጊሉ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት "ትጸንበር" ኣብ እተባህለትሉ ቀጺሉ ዝመጸ ሕማቕ ዘመን ከኣ፡ ብወተሃደራዊ ሓላፊ ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበረ ጃስር ምስ 100 ኣቢሎም ዝኾኑ ኣባላት ውድብ ካብ መስከረም 1983 ክሳዕ ሕዳር 1988 ሕሱም ዓመታት ማእሰርቲ ኣሕሊፉ። እዚ ከይኣክል፡ ንወተሃደር ጃስር ዝሰዓሩ ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ካብ መወዳእታ 1988 ክሳዕ መጋቢት 1991፡ ምስ

ሓያለይ ብጾቱ ኣብ ሳሕል ኣሰርዎ። ብጻይ መሓመድ ዓሊ ብ1995 ከም ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ተመሪጹ፡ ብኡ ንብኡ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ተመሪጹ፤ ክሳዕ ሎሚ ለይቲ'ውን ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነታዊ ጽፍሒ ኰይኑ ንውድቡ ከገልግል ይርከብ።

***ሙሳ መሓመድ ሙሳ ጋይድ***

ካብ ቤተሰብ ሓርበኛ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ዝኾነ ወድ ጋይድ፡ ኣብ ሃበረዳ፡ ጥቓ ተከረረት ተወሊዱ፤ ወዲ 15 ዓመት እንከሎ ብ15/3/1967፡ ኣብታ ሽዑ ብዑስማን ኣቡ ሽነብ እትምራሕ ሓይሊ ሰራዊት ሓርነት ተጸንቢሩ። መጀመርያ ናይ ኢድ መውጋእቱ ብወርሒ 8 ናይ 1967 ተቐቢሉዋ። ቀጺሉ ዝወዓለሉ ውግኣት ማእለያ ኣይነበሮን። ኣብታ ብስዉእ ገብረሂወት ሕንብርቲ እትመርሔት እሞ ንጀነራል ተሾመ እርገቱ ዝቐንጸለት መጥቃዕቲ ናይ ሕዳር 1970 ከይተረፈ ውዒሉላ ኢዩ። ካብ 1975 ጀሚሩ መራሕ ጋንታ፡ ድሒሩ ከኣ መራሕ ሓይሊ ኰይኑ ተቓሊሱ።ኣብ ሰማንያታት ምስ ኣሃዱታት ጋሽ ተዋዲቑ፤ ክሳዕ 1992 ከኣ ክላሺኑ ከየውረደ ቀጺሉ። ብጻይ ሙሳ ጋይድ ብ2002 ናይ ሰሰረብ መደበር ሓላፊ ነይሩ። ሎሚ ሓላፊ መደበር ስዉእ ሓሰን ጀውሃር ዘሎ ከኣ፡ ንሱ'ዩ።

## 6. ኣቦ መንበር ዝመርሖ መሪሕነታዊ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ኣገዳሲ ህዝባዊ ኣኼባን ርክባትን ኣካይዱ

ኣብ ክሊ'ቲ ልኡኽ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ካብ ዕለት 11 ክሳዕ 18 ጥቅምቲ 2007 ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ጽዑቕ ናይ ስራሕ ዑደት፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣትክሮ ዝተገብረሉ ምንቅስቓስ፡ ናብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ምብጻሕ ነበረ። ኣቦ መንበር ፈ.ሽ. ዝመርሖ ልኡኽ፡ ብ14 ጥቅምቲ ኣብቲ መደበር ንዘሎ ጨንፈር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ተራኺቡ ውሽጣዊ ውድባዊ ጉዳያት ኣብ ልዕሊ ምውጋን፡ ሓፈሻዊ ህዝባዊ ኣኼባ ጸዊዑ፡ ምስ ስደተኛታት ኤርትራውያን፡ ሰፊሕ ምይይጥ ኣካይዱ።

እቲ ኣኼባ ሰፊሕ ተሳትፎ ስደተኛታት ሽመልባ ዘረጋገጸ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ግሉጽነት ብዝዓዘዘ ርእይቶታትን ሕቶታን ዝተሰነዩ እውን ነበረ። ነቲ ሰፊሕ ኣኼባ ዝመርሑ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ወልደሱስ ዓማር፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ተስፋይ ወ.ሚካኤል (ደጊጋን) ናይ



ወተሃደራዊን ጸጥታውን ቤት ጽሕፈት ሓላፊ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ነበሩ።

ካድር ውድብ: ብጻይ ረዳእ ዘርኡ፡ ንልኡኽ ፈጻሚ ሽማግለ ምስ ኣኼበኛታት ድሕሪ ምልላዩ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር መድረኽ ሒዙ፡ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ፡ ንሃለዋት ተቓውሞ ውድባትን ጉዳይ ሓድነትን፡ ከምኡ'ውን ንዝምድና ክልቲኡ ኣህዛብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረበ።
ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ኣብ ገለጻኡ፡ መደበር ሽመልባ ኣዕቊባቶ ዘላ መንእሰይ፡ ንምረት ህይወት ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝቐሰመ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላቱ ዘገልገለ፣ ኣብ መወዳእታኡ ድማ ነቲ ስርዓት ጠንጢኑ፡ ለውጢ ንኽምጽእ ኣብ ስደት ክነብር ዝመረጸ ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ ብዛዕባ ግፍዕታት ክዝርዝር ግዜ ከባኽን ከም ዘይመርጽ ገለጸ። እቲ ኣትኩሮ ዝነበረሉ ጉዳይ ነዚ ግፍዐኛ ስርዓት ንምውዳቕን፡ ብዙሕነታዊ ኣሳታፊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ብዛዕባ ክካየድ ዘለዎ ኣገባብ ቃልሲ ነበረ። ናይ ህዝብና ባህግታት ተጠሊሙ እዩ፡ ይኹን'ምበር ሕጂ እውን ብዘይሕለል ቃልሲ ዝተጠልመ ባህግታቱ ክምለስ ግድን ምዃኑ ኣረጋገጹ።

ዓወት ኣብ ከባቢና ክህሉ ይኽእል እዩ፡ ሰፊሕ ተሳትፎ እንተተረጋጊጹ ንመሪር ሃለዋት ስደት ናብ ዓወት ክንቕይሮ ስለ እንኽእል ኩሎም መንእሰያት መደበር ተራኣም ክዓሙ ጸዊዑ።

ንሃለዋት ተቓውሞን ጉዳይ ሓድነትን ብዝምልከት፡ ተመክሮ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ድሕሪ ምዝርዛር፡ ንዝሓለፈ ኣሉታዊ ተመክሮ ክደግም ዘይክእል ጽኑዕ ተቓውሞ ምፍጣር፡ ሎሚን ንመጻኢን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ካልኣይ ኣኼባኡ ዘሕለፎ ውሳኔ ብምዝካር ድማ፡ ጉዳይ ምሕዝነት ተቓውሞ ሓይልታት ሓድሽ ራእይ ከም ዘድልዮ ኣገንዚቡ። ኣብ ከድምዕ ዘይክእል ዓሰርተታት ውድባትን ዕጡቕ ኣሃዱታትን ፋሕ ብምባል ክስራሕ ዝከኣል ኣዝዩ ጸቢብ ምዃኑ ድሕሪ ምምልካት እተን ዝመሳሰል ፕሮግራም ዘለወን ውድባት ኣብ ስትራተጅያዊ ምሕዝነት ክኣትዋ፡ ንሳተን ሓቢረን ድማ ምስ ኩለን እተን ኣብ ፕሮግራም ፍልልይ ዘለወን ውድባት ሰፊሕ ሃገራዊ ጽላል ክቐማ ከም ዝግባእ ኣብሪሁ። ብደረጃ ቀጽርታት ክስራሕ ምስ ዝከኣል እቲ ቃልሲ ህይወት ብዘለዎ ኣገባብ ክሓንን ከም ዝኽእል ኣመልኪቱ።

ብፍላይ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ብሓፈሻ፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ኤርትራን ድማ ብፍላይ ክህሉ ዝግባእ ድልዱል ዝምድና ንምብልሻው ስርዓት ህግደፍ ዝወስዶ ዘሎ ኣናጀቲ ናይ ጽልእን ምቅሕሓርን ፖሊሲታት ብትሪ ክምከት ከም ዘለዎ ብስፍሓት ኣረዲኡ።

ብጻይ ኣቦ መንበር ንሃለዋት ስደተኛታት ብሓፈሻ ንስደተኛታት ሽመልባ ድማ ብፍላይ ኣልዒሉ፡ ኩነታቶም ንምምሕያሽን ጉዳያቶም ብፖሊቲካውን ሰብኣውን ሽነኻት ኣህጉራዊ ኣትኩሮ ንኽግበረሉን፡ ብሸነኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ብምጥቃስ፡ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት መንግስታትን ካልእ ኣገዳሲ ሸነኻትን ንኹነታት ስደተኛታት ኤርትራ ብዝምልከት ሓያለይ መዘክራት ከም ዝቐረበ ሓቢሩ።

ድሕሪ'ዚ መድረኽ ንምኽትል ኣቦ መንበር ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ተመሓላለፈ'ሞ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ብወገኑ ነቲ ስደተኛታት ሽመልባ ኩነታቶም ንምምሕያሽ ዘካይድዎ ዘለው ጸዓታትን ናይ ቃልሲ ሽውሃቶምን ከም ዘድንቕ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ሰደት ዝካየድ ናይ ለውጢ ቃልሲ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣመልኪቱ፡ በዚ ዘይደክም ተጋድሎ ክቕጽል ጸዊዑ። ነቲ ህግደፍ ከካይዶ ዝርከብ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ቅርሕንቲን ምቅሕሓርን ዝፍጥር ፖሊሲታት ህግደፍ ድማ ካብ ዝሓየለ ባይታ ክምከትን ብሰላምን ፍቕርን ክትካእን ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ። እዚ ጉዳይ'ዚ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መላእ ዓለም ብዘሎ ጨናፍሩ ብዕቱብነት ይሰርሓሉ



ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ምኽትል ኣብ መንበር ደጊጋ፣ ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእ፡ ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንባዕሉ፣ ዘይስልኪ መስርሕ ናይ ውሽጣዊ ለውጢ ከካይድ ከም ዘለዎ ርእዩ እዩ ክብል ንኣኼበኛታት ሓበረ። በዚ መሰረት ድማ ብቑዕን፡ ወካሊ ባህግታት ህዝቢን ዝኾነ ሰፊሕ ሰልፊ ኣብ ናይ ምምስራት ጉዕዞ ከም ዘሎ ገለጸ። ካብ ኣባላት ውድብን ካብ ናጻ ዜጋታትን ዘተዋጽኤ፡ ናይ ሰልፊ ምምስራት ኮሚሽን ቆይሙ ስራሑ ጀሚሩ ከም ዘሎ ድማ ንኣኼበኛታት ኣበሰረ። እዚ ኣብ ቀረባ እዋን ክምስረት ትጽቢት ዝንበረሉ ዘሎ ሰልፊ፡ ንዝሰፍሓ ክፍልታት ህዝብና ክጥርንፍ ተስፋ ተነቢሩሉ ዘሎ እዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ፖሊቲካዊ ህይወት ኤርትራ፡ ንበይኑ ንኽህሉ

ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ንብዙሕነት ፖሊቲካዊ ሰልፍታትን ንመላእ ሰብኣዊ መሰላትን ዝከላኸል ደሞክራስያዊ ስርዓት ክህሉን ክስስንን ዝቃለስ ሰልፊ ከም ዝኾውን ኣረጋጊጹ። ተቐማጦ መደበር ሽመልባ ኣብዚ



ዝምስት ሰልፊ ተሳትፎኦም ከረጋግጹን ተርኦም ክዓሙን ድማ ጸዊዑ።

ድሕሪ'ዚ ሓላፊ ወተሃደራውን ጸጥታውን ቤት ጽሕፈት፡ ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ መድረኽ ተረኪቡ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ሃለዋት ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ኣብ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ወተሃደራውን ምልዕዓላውን ዕዮ ድማ ብፍላይ ዘትኮረ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረቡ። ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ፖሊቲካዊ ብዙሕነት ኣብ ኤርትራ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ክገልጽ እንከሎ፣ ወተሃደራዊ ብዙሕነት ግን ሓደገኛ ምዃኑ ኣገንዘቡ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንሓያሎ ዓመታት ክቃለሰሉ ዝጸንሐ መትከል ሓደነት ወተሃራዊ ክንፍታት ተቓውሞ፡ ሕጂ እውን ከይሰልከዩ ንምዕዋቱ ክቃለስ ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣብ ትሕቲ ሓደ ወተሃደራዊ እዚ ዘይመሓደር ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ ሃለዋት፡ ንዓምቕምታት ተቓውሞ ኣብ ርእሲ ምብኻኑ፡ ንመጻኢ እውን ኣብ ሓድሕዱ ዝፋጠጥ ዕጥቅታት ዝፈጥር ብምኻኑ፡ ከም ዘይድለን ሓደገኛ ምዃኑን ኣመልኪቱ። መጻኢት ኤርትራ ልዑላውነት ሕጊ ዘኽብር፡ ንሕገ መንግስቲ ዝከላኸል ሓደ ሃገራዊ ሰራዊት ጥራሕ እዩ ዘድልያ፡ እዚ ድማ ካብ ሕጂ ባይታ ክፍጠረሉ የድልዮ ንዝብል ኣምር ብኣትኩሮ ኣስሚሩሉ።

ሰፊሕ ኣኼባ ህዝቢ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ፡ ኣብ ትሕቲ ምዉቕን ህዱእን ናይ ምልዛብ ሃዋህው እዩ ተኻይዱ። መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ መግለጺታቶም ድሕሪ ምቕራብ ድማ ናይ ሕቶታትን ርእይቶታትን መድረኽ ንኣኼበኛታት ተኸፍተ።

ኣኼበኛታት፡ ነቲ ብደረጃ ኣቦ መንበር ዝምራሕ ልኡኽ መሪሕነት፡ ናብ መደበር ሽመልባ ምምጽኡን፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ምጽዋዑን ምስጋና ኣብ ልዕሊ ምቕራብ፣ ንሃለዋት ተቓውሞ ዝምልከት ስክፍታታቶም፡ ሕቶታቶም ኮነ ርእይቶታቶም ኣቕረቡ። ገለ ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታት ኮነ ርእይቶታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ።

- ስርዓት ህግደፍ ይሽመርር ከም ዘሎ ጉልሂ እዩ። ግን ድማ እቲ ተቓውሞ ብኣንጻሩ ይዓቢ የሎን እቲ ሽግር እንታይ እዩ?
- ካብ 13-16 ውድባት ነንበይነን ፋሕ ኢለን ኣለዋ። ናይዚኤን ወተሃደራዊ ትካላት እውን ኣሎ። ኩነታት ከምዚ'ሉ እንከሎ እቲ ስርዓት እንተወዲቑ ምዕባሌታት ከመይ ክኸውን ይመስለኩም፡ ብፍላይ ብዝሒ ወተሃደራት ናይ ውድባት ሓደገኛ'ዶ ኣይኮነን?
- ሽግራት ስደተኛታት ካልእ ዘይኮነ ፖሊቲካዊ ውድባት ክፈትሖ ዘለዎ ሽግራት እዩ ዘሎ። ብወገንኩም ንስደተኛታት እንታዩ ጌርኩምሎም?
- ኣብ ፖሊቲካዊ መዳይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ባህላዊ መዳይ እውን እቲ ቃልሲ ክካየድ ዘለዎ እዩ። ብባህላዊ መዳይ እንታይ ዓይነት ቃልሲ ኢኹም ተካይዱ?
- ስለምንታይ እዩ እቲ ዝነበረ ኪዳን ፈሺሉ?
- መንግስቲ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ብምግፋዑ ተሓታቲ እዩ፡ ተቓውሞ እውን ነቲ ኣብ ስደት ዘሎ
- ህዝቢ ክውድብ ዘይምኽኣሉ ተሓታቲ እዩ ዝገብሮ። ስለዚ ናይ ምውዳብ ቃልሲ ብጽዑፍ ክካየድ የድልዮ።
- ካብ 16 ዘይውሕድ ውድባት ምህላውን በብመንገዱ ምጉዓዝን ኣዓዋቲ ኣይኮነን ብህጹጽ ፍታሕ ክግበረሉ የድሊ።
- ኣብዘን ዘሎዋ ውድባት ዝቀራረባ ከም ዘለዋ ተራእዩ እዩ። እተን ዝቀራረባ ውድባት ብሓባር ክሰርሓ ክድፈኣሉ ኣለዎ።
- ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከም ዓቢ ውድብ መጠን ነተን ፍርዝን ፍርዝን ዝበላ ውድባት ሓቝፉ ጥራሕ ድዩ ክንዓዝ ዝደሊ? እተን

ንኣሽቱ ውድባት'ከ ከተርፉ ኣለወን ማለት ድዩ?

- ናይ ሰለስተ ውድባት ርኽክብ ተሰፋ ሂቡ ነይሩ። ብዙሕ እውን ተጸብይዎ፤



ስለምንታይ እዩ ክሳብ ሕጂ ዓቢ ምዕባሌ ዘየርኣዩ?....... ወዘተ

መሪሕነት ውድብ ንኹሉ'ቲ ዝቐረበ ሕቶታት በብሓደ ብመሰረት እቲ ዘቕረቦ ገለጻታት መሊሱ ዝያዳ ኣብሪሁ። ንዝቐረበ ርእይቶታን ለበዋታትን እውን መዝጊቡ። ኣብ መደምደምታ ድማ፡ ብወገኑ ኩነታት ተቓውሞ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ንምስግጋር ዘይሕለል ቃልሱ ክቕጽሎ ምዃኑ ኣረጋጊጹ፣ እቲ ውድባት ኣይጠቐማን ዝብል ሰብ ከኣ ካብ ተዓዛብነት ወጺኡ ኣብቲ ቃልሲ ክዋሳእ ጸውዒት ኣቕሪቡ።

ብዘይካዚ፡ መሪሕነታዊ ልኡኽ፡ ኣብ መደበር ሽመልባ ምስ ዝርከቡ ኣባላት ጨንፈር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ፍሉይ ኣኼባ ኣካይዱ። ሓፈሻዊ ሃለዋት መደበርን፡ ንጥፈታት ጨንፈርን ድሕሪ ምምዛን ድማ ናይ መጻኢ መድረኽ መደብ ጨንፈር ብዝርዝር ተሊሙ። ንሕቶታትን ለበዋታትን ጨንፈር እውን ብዕቱብነት ተቐቢሉ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መደበር ስደተኛታት ምስ ዘለዉ ዘይፖሊቲካዊ መኸሰብ ኣልቦ ሲቪላዊ ማሕበራትን፡ ምስ ኣገደስቲ ውልቀ ሰባትን ርኽክባት ብምክያድ፡ ብዛዕባ ንቓልሲ ዘነሃህር ኣገደስቲ ሓሳባትን ኩነታት መነባብሮ ስደተኛታት ምምሕያሽን ተላዚቡ። ኣብ ውሽጢ መደበር ዘሎ ባህላዊ ንጥፈታት ኮነ፡ ማሕበራዊ ምትሕብባር ክምዕብለሉ ዝኽእል መንገዲ እውን ሰሪዑ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተራኡ ክዓምም ምኻኑ ድማ ኣረጋጊጹ።

## 7. ርክብ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣዲስ ኣበባ

ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝመርሖ ልኡኽ ብ27 ሓምለ 2007፤ ከምኡ ውን፡ ብጻይ ኣለም የውሃንስ፡ ምኽትል ሓላፊ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝመርሖ ልኡኽ ብ12 ጥቅምቲ 2007 ኣብ ዋሺንግተን ዲሲ ምስ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ዝገበርዎ ክልተ ኣገደስቲ ርክባት፤ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብ18 ጥቅምቲ 2007 ምስ ኤማባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣድስ ኣበባ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ርክብ ኣካይዱ።

ኣብ'ዚ ርክብ'ዚ፡ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ንህልዊ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ኵነታት ኤርትራን፤ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን፤ ከምኡ ውን ንዕላማታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ እዋን፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ ዝወስዶ ዘሎ መርገጺ፡ ዋላ'ኳ ደንጉዩ ዝመጸ እንተኾነ፥ ቅኑዕ መንገዲ ሒዙ ይኳዓዝ ከምዘሎ ድማ ኣረጋጊጹ። ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፍሉይ ኣቓልቦ ክህቦ ከምዝግባእ ብጻይ መንግስተኣብ ተማሕጺኑ።

ቀጺሉ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ቃልሲ ዘካይዶም ዘሎ ጽዑቕ ንጥፈታት ብሓፈሻ፤ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት፡ ናብ ፓርቲ ዘሰጋግሮ ጉባኤ ንምክያድ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ኣባላቱን ካብ ናጻ ዝኾኑ ኤርትራውያን ዜጋታት ዝቔመ ልዕሊ 45

ኣባላት ዘለውዎ ኮሚሽን መስሪቱ ከምዘሎ ኣረጋጊኡ።

### 8. ኣቦ መንበር ዝርከቦም ኣባላት መሪሕነት ምስ መሰረታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣገዳሲ ኣኼባ ኣካይዶም



ብጻይ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝርከቦም ላዕለዎት መራሕቲ ውድብ ብ28 ጥቅምቲ 2007 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዲስ ኣበባ ምስ መሰረታት ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ኣኼባ ኣካይዶም።

ኣብዚ ኣኼባ ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር ኣብ ዘስመዖ ቃል ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ብሓፈሻ ኣዝዩ ከም ዝተሓሳሰበ ጠቒሱ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዘጋጥም ዘሎ ጸገማት ብኣግኡ እንተዘይተቐይሩ ናብ ዝኸፈአ ክምዕብል ከም ዝኽእል ሓቢሩ። ብጻይ ወልደየሱ ናይ መንእሰያት ካብ ቃልሲ ምብኳር ኣዝዩ ሃሳዪ ምዃኑ ምስ ጠቐሰ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኤርትራውያን መንእሰያት ካብዚ ኣጋጢምዎም ዘሎ ኩነታት ወጺኦም ኣብቲ ንቡር ለውጢ ናይ ምምጻእ መስርሕ መሪሕ ኮይኖም ከም ዝዋስኡ ንምኽኣል ሰውራዊ ባይቶ ከይሰልከየ ከም ዝሰርሕ ገሊጹ። ንሱ ምስዚ ኣተሓሒዙ መሪሕነት ውድብ ኣብዚ ዝሓለፈ መዓልታት ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ክልላዊ ብሔራዊ መንግስቲ ትግራይ ዘካየዶ ዑደትን ዘሰላሰሎ ኣኼባታትን ዕዉት ከም ዝነበረ ኣብሪሁ። ብዘይካዚ ኣብ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናይ ሰውራዊ ባይቶ ኣጀንዳ ኮይኑ ከም ዝቕጽል ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ ብጻይ ወልደየሱስ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ኤርትራውያን ኣብ ናይ ለውጢ ቃልሲ ክሳተፉ ብዛዕባ ዝኽእሉሉ ኩነታት፡ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ኤርራውያን ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዘካይድዎ ዘለዉ ጽዑቕ ቃልሲ፡ ኤርትራዊ ደንበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ጥጡሕ ባይታ ተመስሪቱ ዘተኣማምን መተካእታ ከም ዝኸውን ንምግባር ዝግበር ዘሎ ጻዕርን ንመስርሕ ምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ንምዕዋት ካብ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ትጽቢት ዝገብረሉ ቃልስን ብዝምልከት መበገሲ መብርሂ ሂቡ። ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም ውድባት ዝያዳ ክቀራረቡ ኣለዎ ዝብል እምንቶ ሰውራዊ ባይቶ ቀጻሊ ምዃኑ'ውን ብሰፊሑ ገሊጽዎ።



ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ምክትል ኣቦ መምበር ውድብ ብወገኑ ብሓፈሻ ንመጻኢ መደባት ውድብ ብፍላይ ድማ ንመስርሕ ምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ብዝምልከት ዝርዝር መብርሂ ሂሙ። ብጻይ ተስፋይ ኣብዚ መብርሂኡ ፍጹምነት ዝበሃል'ኳ እተዘየለ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝነበሩ ምዕራፋት ምምስራት ሰልፊ ውጽኢቱ ዕዉት ምንባሩ ጠቒሱ። ንሱ ብደረጃ ውድብ ኣብቲ መስርሕ ምሳና ክሳተፍ ዝወሰነ'ኳ እንተዘየለ ብዙሓት ካብ ቃልሲ በኹሮም ዝነበሩ

ኤርትራውያን ኣብዚ ዝምስረት ሰልፊ ክሳተፉ ቅሩብነቶም ከም ዘርኣዩ ሓቢሩ፡ ዋላ ሓደ ነዚ ሒዝናዮ ዘለና ሓዲሽ ምዕራፍ ዝቃወም ኣካል ከም ዘይተራእየ ገሊጹ። ብጻይ ተስፋይ ኣብዚ እዋንዚ ኣብቲ ካልኣይ ምዕራፍ መስርሕ ምምስራት ሰልፊ ከም ዘለና ገሊጹ ነዚ ወሳኒ ዕማምዚ ዘዕውት ኮሚሽን ተመስሪቱ ስርሑ ጀሚሩ ከም ዘሎ ኣብሪሁ። ንሱ ነዚ ብዝምልከት ኣብ ዘቕረቦ ዝርዝር፡ እዚ ቆይሙ ዘሎ ኮሚሽን ንኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ካብ ሰውራዊ ባይቶ ወጻኢ ጸኒሖም ቅሩብነቶም ንዘረጋገጹን ዘሳተፈ ምዃኑን ንክውንነት ኤርትራ ብዘንጸባርቕ መንገዲ ከም ዝተመስረተን ሓቢሩ። እቲ ዘድሊ ዓወት ንከመዝግብ ናይ ኩሎም ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ኣባላትን ናይ ለውጢ ተጠቀምቲ ኤርትራውያንን ምትሕብባር ከም ዘድልዮ'ውን ኣመልኪቱ።

ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡ ኣቦ መንበር ጊዚያዊ መሪሕነት ኤዲኪ-1ን ብወገኑ፡ ንእገዳስነት ምቅርራብ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ምስ ኣብርሀ ነዚ ንምዕዋት ካብ ግዜ ምምስራት ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ጀሚሩ ክሳብ'ዚ ሎሚ ዘሎ ኩነታት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዝተሓልፈ ውረድ ደይብ ኣብሪሁ። ብጻይ መንግስተኣብ ንኣገዳስነት ምህላው ናይ ሓባር ጽላል ተቓወምቲ ውድባት ምስ ኣብርሀ ሕጂ'ውን ክልቲኡ ወገናት ኪዳን ናብ ዘስርሕ ናይ ሓባር መድረኽ ንምምጻ ዝግበር ጻዕሪ ዕዉት ንምግባር ሰውራዊ ባይቶ ከም ወትሩ ጻዕሩ ቀጻሊ ምዃኑ ኣነጺሩ።

ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ብወገኑ ምስቲ ኣብ መንጎ ስርዓት ህግደፍን መንግስቲ ሱዳንን ሓድሽ ዝምድና ምፍጣሩ፡ ብዛዕባ ኣብ ሱዳን ዝተራእየ ምዕባሌታት ኣገዳሲ ሓበሬታ ሂቡ። ንሱ ከም ዝበሎ ዋላ'ኳ እቲ ኩነታት ጽንኩር እንተኾነ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ሰውራዊ ባይቶ ከም ቀደሙ ቀጻሊ ከም ዘሎ ሓቢሩ። ኣስዒቡ ድማ ተሓኤ ሰራዊ ባይቶ ጸገም ኤርትራውያን ስደተኛታት ጸገሙ ምዃኑ ብምርዳእ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ምትሕብባር ከም ዝገብር ጠቒሱ።



ድሕሪ'ዚ ኣገዳሲ መብርሂታት ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ተኸፊቱ ተሳተፍቲ ንዝቕረብዎ ሕቶታት እዞም ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ዝርዝራዊ መብርሂታት ሂቦም። ካብቲ ዝቐረበን ኣድላይ መልሲ ዝተዋህበሉን ሕቶታት፡

- ኤርትራዊ መንእሰይ ኣሰር ኣያታቱ ተኸቲሉ ሓያል ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ዝኾኑ ንምኽኣል እንታይ ክገብር ይግበኦ?
- ሕብረተሰብ ዓለም ሎሚ ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ቀላሕታ ክህም ጀሚሩ'ሎ፡ ስለምታይ ክሳብ ሎሚ ደንገዩ?
- ደንበ ተቓውሞ መተካእታ ንምዃን ዘለዎ ቅሩብነት ክሳብ ክንደይ እዩ?... ዝብሉ ይርከብዎ። ድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ ናብ መሪሕነት ለባዋታት ምስ ኣቕረቡ ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር ኣብዚ ዘለናዮ ጽንኩር መድረኽ ተዓወቲ ክንከውን ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ዝድለ ኩለ-መዳያዊ ተወፋይነት እንታይ ምዃኑ ምስ ገለጸ እቲ ኣኼባ ብዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ ተዛዚሙ።

## ኤርትራ

### 1. ተስዓን ሓደን ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ግብጺ ይሳቐዩ ኣለዉ

ሓደ ሰብ ካብ ካይሮ ናብ ጨንፈር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዓዲ እንግሊዝ ትማሊ ምሸት ደዊሉ፡ ኣብ ዱብ እስራኤል እተታሕዙ 91 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ክልተ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኣብ ካይሮ ኣብ ትሕቲ ሕማቕ ዅነታት ተኣሲሮም ከምዘለዉ ሓቢሩ።

61 ካብ'ዞም እሱራት እዚኣቶም ኣብ ቀናሺር ዝብሃል፡ ካብ ካይሮ 60 ኪሚ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጕኖም ከምዘለዉን፣ ኣብ መንጎኦም ደቂ ኣንስትዮ ው'ን ከምዘለዋ ሓቢሩ። ሓደ ካብ'ቶም ሓበርቲ፡ ብርሃነ ሃይለ እተባህለ ወዲ ሰንዓፈ፡ ንሱን እቶም ምስኡ ተኣሲሮም ዘለዉ ብጾትን ኣብ እስራኤል ዑቕባ ንምሕታት እናተጓዓዙ እንከለዉ ኣብ ዶብ ከምዝተታሕዙ ገሊጹ። ሰበ-ስልጣን ኣብያተ-ማእሰርቲ ግብጺ፡ ኣብ ልዕሊኦም ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ከምዝፈጸሙን ከምዝዓዘብዎምን ድሕሪ ምግላጽ ድማ፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾኑ ማሕበራት ብህጹጽ ክረድእዎምን ክከላኸሉሎምን ጻውዒቱ ኣቕሪቡ።

## 2. ንኤርትራ ኣብ መስርዕ ግብረ-ሽበራ ዘእቱ ተወሳኺ ጭብጢ

እቲ ኣብ መጀመርያ ተስዓታት ንሱዳንን ካልኦት ሃገራት ብግብረ-ሽበራ ዝኸሰሰን ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ተመሓዝዩ ከጥቅዖም ውዲታት ክፍሕስ ዝሓድርን ዝውዕልን ዝነበረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ሎሚ በቶም ናይ ሽዑ መሓዝቱ ብግብረ ሽበራ ክኽሰስ ይስማዕ ኣሎ። እታ ንኻልኦት ኢሉ ዝፈሓራ ጕድጓድ ባዕሉ ክኣትዋ ይርእ ኣሎ።

ጀናዲ ፍረይዘር ተሓጋጋዚት ሚኒስተር ወጻኢ ጕዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብ8 መስከረም 2007 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝገበረቶ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ ሓሰን ዱህር ዓዌስ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ብግብረ ሽበራ ዝኽሰስ ሕብረት እስላማዊ ኣብያተ-ፍርዲ ሶማል፡ ዝተሳተፎ ጕባኤ ኣብ ኣስመራ ምክያዱ፡ ኤርትራ ንኣሸበርቲ እትሕብሕብን እትዕንግልን ሃገር ምዃናን፤ ንኤርትራ ኣብ መስርዕ ግብረ-ሽበራ ንምስፋራ ኣብ እንገብሮ ዘሎና መጽናዕቲ ተወሳኺ ጭብጥን ምዃኑ ዘረጋግጽ ኢዩ ኢላ።

ቅድም ክብል ስርዓት ኢሳያስ፡ ናይ ውግእ መሳርያታትን ተዋጋእትን ናብ ሶማል ብምልኣኹ ክኽሰስ ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ብጻይ ሙሴ ኤፍረም ብዘቕረቦ ክሲ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት መሰረት ብምግባር፡ ሓደ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣብ ዘካየዶ መጋባእያ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ገበነኛ ኰይኑ ምርካቡ ገሊጹ ምንባሩ ዝፍለጥ ኢዩ።

## 3. ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ

ኣብ ወርሒ መስከረም 2007 ጥራሕ 518 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ስርዓት ኣስመራ ኣምሊጦም ኣብ'ቲ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝርከብ እንዳባጉና ዝበሃል ቦታ ተዓቝቦም ኣለዉ። እዚ ብዝሒ'ዚ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ካብ ዝኣተዉ ቍጽሪ ስደተኛታት ዝበዝሐ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ 2007 ንኣብነት 390 ስደተኛታት ኢዮም ዑቕባ ሓቲቶም ነይሮም።

ኣካየድቲ ናይ'ቲ መቐበሊ መደበር ስደተኛታት፡ ጠንቂ ምውሳኽ ቍጽሪ ስደተኛታት፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግም ዀናት ክባራዕ'ዩ ዝብል ብስርዓት ኣስመራን ገለገለ ኣህጕራዊ ናይ ዜና ማዕከናትን ዝፍኖ ዘሎ ወረ ምዃኑ ንወኪል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ'ቲ ቦታ'ቲ ከምዝሓበሩ ይፍለጥ። ክሳብ ቀረባ እዋን፡ ገምጋማዊ ብዝሒ ናይ'ቶም ናብ ኢትዮጵያ ክስደዱ ዝጸንሑ ኤርትራውያን ኣብ ወርሒ 280 ኣቢሉ ከምዝነበረ'ዩ ዝፍለጥ። ካብ ወርሒ ነሓሰ 2007 ኣትሒዙ ግን፡ እቲ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዝንዛሕ ዘሎ ወረ ውግእ ንቍጽሪ ናይ ዝስደዱ ኤርትራውያን ኣብ ምዝያድ ዓቢ ግደ ኣበርኪቱ ኣሎ። ፍርቂ ካብ'ዞም ስደተኛታት እዚኣትም ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ትካላት ከገልግሉ ዝጸንሑ ኢዮም። ሓድሽ ነገር እንተልዩ፡ ካብ'ተን ኣብ ሳሕልን ዞባ ማእከልን ዝርከባ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ከይተረፉ ናብ ኢትዮጵያ ኣምሊጦም ይኣትዉ ምህላዎም ኢዩ።

እቶም ስደተኛታት፡ ካብ መቐበሊ መደበር ስደተኛታት እንዳባጉና፡ ናብ'ቲ ልዕሊ 10,000 ዝኾኑ ኤርትራውያን ዝርከብዎ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ ኢዮም ዝሰጋገሩ።